# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 36 ዓመት ቁ.46 | ዓርቢ 23 ጥቅምቲ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ምዕባይ ኣካላዊ ብቕዓት



ገጽ 3
ዝምድና ሩስያን ኣመሪካን...



ገጽ 4
"ኣብ ዘይ እዋን ብሰርሸር...



ገጽ 5
ዕቃብ ብረት መሰርዕ ሰሚንን...



ገጽ 11
ሂምቦል ብደቂ ኣንስትዮ....





## ኤርትራ፡ ኣብ ጀኔቫ ኣብ ዝተቓነዐ ናይ ምምኽኻር ኣኼባ ተሳቲፋ





ልኡኽ ኤርትራ፡ ብ20ን 21ን ጥቅምቲ ኣብ ጀኔቫ ኣብ ዝተቓነዐ፡ ንምውህሃድ ተበግሶታት ጻዕሪታት ሰላም ሱዳን ዝምልከት ሻድሻይ ናይ ምምኽኻር ኣኼባ፡ ንመርገጺ ኤርትራ ኣብ'ቲ ጉዳይ ዘጸር መደረ ኣስሚዑ።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ስዊዘርላንድን ቀዋሚ ልኡኽ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ኣህጉራውያን ትካላትን ኣብ ጀኔቫ ኣቶ ሃብቶም ዘርኣይ፡ መንግስቲ ሱዳን ኣብ'ዚ ኣኼባ'ዚን ኣቐዲሞም ዝተኻየዱ ተመሳሰልቲ ኣኼባታትን ተዓዲሙ እንተዘይብሩ፡ "ኣብ'ቲ ዝርርብን ሰላማዊ መዓልቦ ናይ'ቲ ግጭትን ትርጉም ዘለዎ ኣበርክቶ ምሃለዎ" ድሕሪ ምባል፡ ኣብ ነዊሕ እዋን ንዘጸንሐ ቀዋሚ መርገጺ ኤርትራ ኣብ ህሉው ግጭት ሱዳን ዘርዚሩ።

"ፍታሕ ግጭት ሱዳን፡ ብመሰረቱን ብቐንዱን ንህዝቢ ሱዳን'ዩ ዝምልከት" ዝበለ ኣቶ ሃብቶም፡ ተራ ኣህጉራውያንን ዞባውያንን መሻርኽቲ፡ ኣብ ምምችቻእ ባይታ ኑቲ ንህዝብን መንግስትን ሱዳን ማእከል ዝገበረ፡ ብሱዳናውያን ዝውነንን ዝምራሕን መስርሕ ዝሓልፍ ክኸውን ከምዘይግባእ ብምንጻር፡ ዘይተወሃሃደ ተበግሶታት ዘይተደልየ ሳዕቤናት ከምጽእን ኑቲ ቅልውላው ከዕምቑን ስለዝኽእል ክውገድ ከምዘለዎ ኣስሚሩሉ።

ልኡኽ ኤርትራ ኣስዒቡ፡ ሰራዊት ሱዳን ኣብ እዋን ናይ'ቲ ስልጣን ሒዙ ንዘነበረ መንግስቲ ዝኣለየ ህዝባዊ ምልዕዓል ኣገዳሲ ተራ ከምዘጻወተ፡ ህዝቢ ሱዳን'ውን ኑቲ ልኡላዊ ባይቶ ሓላፍነት ግዝያዊ መሰጋገሪ እዋን ከምዝሰከሞ ብምዝኽኻር፡ ልኡላዊ ባይቶ ኣብ'ዚ መሰጋገሪ እዋን እቲ እንኮ ዝለዓለ ሃገራዊ ስልጣን ኣብ ሱዳን ምዃኑ ኣፍልጦ ክወሃቦ ኣድላዪ ምዃኑ ኣገንዚቡ።

ልኡኽ ኤርትራ ኣብ መወዳእታ፡ ሰለስተ ዓመትን መንፈቕን ገይሩ ዘሎ ግጭት ሱዳን፡ ኣብ ህዝቢ ናይ'ታ ሃገር ንዘውርዶ ዘሎ ሳዕቤን ከምኡ'ውን ሓደገኛ ጽልዋኡ ኣብ ዞባዊ ሰላም፡ ርግኣትን ጸጥታን ብምንጻር፡ ኤርትራ ሰላም ዝሰፈነ፡ ርጉእትን ልኡላዊትን ሱዳን ንምርግጋጽ ንዝሕግዝ ጻዕሪታት ከምእትድግፍን ጽኑዕ መብጽዓ ከምዘለዋን ኣረጋጊጹ።

## ጋሽ-ባርካ - ውጽኢት ተመሃሮ ንምምሕያሽ ክሰራሕ መተሓሳሰቢ ቀሪቡ

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ብቕዓት ትምህርቲ ብምሕያል ውጽኢት ተመሃሮ ንምምሕያሽ ሓባራዊ ጻዕሪ መምህራን፡ ወለዲን መሻርኽቲ ኣካላትን ክሕይል፡ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ጋሽ-ባርካ ብ20 ጥቅምቲ ኣብ ባረንቱ ኣብ ዘካየዶ ገምጋም ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ 2025/2026 መተሓሳሰቢ ቀሪቡ።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣባል ኣሃዱ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ መምህር ዲኒ መሓመድ፡ ብዛዕባ ዘሎ ብልጫታት፡ ድኽማትን ብድሆታትን ዝርዝራዊ ጸብጻብ ድሕሪ ምቕራብ፡ ውጽኢት ብመዋእለ-ህጻናት ዝሓለፉ ቈልዑ ካብ'ቶም ካልኦት ጸብለልታ ስለዘርኣየ፡ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ክድፋኣሉ ተማሕጺኑ።

ኣብ'ቲ ዞባ ኣወሃሃዲት ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ወ/ሮ ሰላስ ኣስመላሽ ብወገና፡ መጠን ምሕላፍ 57 ሚእታዊት ከምዝነበረ፡ እዚ ምስ ናይ ቅድመኡ ዓመት ክነጻጸር ከሎ ድማ ብ10 ሚእታዊት'ኳ እንተዛየደ፡ ኣብ ብቕዓት ተመሃሮ ግና እወታዊ ውጽኢት ከምእተመዝገበ ሓቢራ።



ሓለፍቲ ትምህርትን ርእሳ-መምህራንን ንኡሳን ዞባታት ተሰነይ፡ ፎርቶ-ሳዋ፡ ሞልቀ፡ ጎኘን ሃይኮታን፡ ኣብ ጠንቂ ምንቁልቋል ውጽኢት ተመሃሮ፡ ትሑት ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ፡ ምትራፍን ምቁራጽን ተመሃሮ፡ ከምኡ'ውን ንምምሕያሹ ብዛዕባ ዝተወሰደ ስጉምቲን ዝተመዝገበ ለውጢን መብርሂ ሂቦም።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ጋሽ-ባርካ መምህር ያሲን መሓመድ ድማ፡ ኣገልግሎት ትምህርቲ ብምስፋሕ ውጽኢት ተመሃሮ ንምምሕያሽ ዓመታዊ ዝተኣታቶ ዘሎ ሜላታት እወታዊ ገስጋስ የመዝግብ'ኳ እንተ'ሎ፡ ንዝበለጸ ውጽኢት ሓለፍቲ ትምህርቲ ኣብ ከከባቢኦም መጽናዕቲ ክገብሩ ኣተሓሳሰቡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ፍራንኮ ኮባ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዝምዝገብ ዘሎ ውጽኢት ገና ጻዕሪ ዝሓትት ዕማም ብምዃኑ፡ ተራ መሻርኽቲ ኣካላትን ስሉሳዊ ዝምድና መምህራን፡ ወለዲን ተመሃሮን ክዓዝዝ ተላቢዩ።

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ምዕባይ ኣካላዊ ብቕዓት

ህርኩታት፡ ጸዓተኛን ጻዕረኛን ክንክውን ንደሊ ኢና። ኣብ ቀረባና ዘለዉ ስፖርተኛታት'ሞ ንመልከዮም፡ ብዘይ ዝኾነ ጸገም ምስ ሓይሎም ነዊሕ ይጎዩ፡ ብዙሕ ይሰክሙ። ንሕና ድማ፡ ንእሽቶ መሳልል ደይብና ትንፋስና ብኣፍና ክትወጽእ ትርእ። እቲ ፍልልይ ኣብይ ኢዩ ዘሎ እንተኢልና - ኣካላዊ ብቕዓት ዝማዕበሎ ተጻዋርነት (stamina) እዩ።

ተጻዋርነት ንኽልተኡ ማለት ኣካላውን ኣእምሮኣዊን ብቕዓት እዩ ዝጥርንፍ።

- ኣካላዊ ተጻዋርነት (Physical Stamina)፦ እዚ ኣካላትና ንዘየቋርጽ ተደጋጋሚ ጻዕሪ/ ሃልኪ ከም እኡ'ውን ከቢድ ስራሕ፡ ድኻም ከይተሰምዓና ክብደሀ ዝለዎ ክእለት እዩ ዘመልክት።
- ኣእምሮኣውን ስምዒታውን ተጻዋርነት (Mental & Emotional Stamina)፦ ንዘየቋርጽዎ ዝተሓላለኹ ጸገማት/ ግድላት፡ ወጥርታት፡ መሰናኽላት ወዘተ ብጽሞና ተዓዚቡ ንምፍትሓም ኣብ ረብሓኡ ንምውዓሎም ዘርእዮ ጻዕሪ እዩ ዘርኢ።

ኣእምሮኣዊ ብቕዓት ብዙሕ ግዜ ኣብ ተጻዋርነት ዘድሃበ ኮይኑ ብዘይ ንሱ ኣካላዊ ብቕዓት ከተማልእ ከቶ ዝከኣል ኣይኮነን።

ኣሰዒብና ተጻዋርነትና ብምሕያል ኣካላዊ ብቕዓትና ንምዕባይ ዘኽእሉ ተፈጥሮኣዊ መንገድታት ክንዘርዝር፦

### ነገራት ኣብ ምዕያይ ጥንቃቐ ክትገብር ከም ዘለካ ኣስተብህል

ኣካላዊ ብቕዓት ኣብ ሓጺር ግዜ ክመጽእ ዝኽእል ዓቕሚ ኣይኮነን። ቀስ ብቐስ ዝምዕበል ስለ ዝኾነ፡ ኣካላዊ ብቕዓት ንምብራኽ ኣብ እትሓስበሉ እዋን ዓቃል ክትከውን የድሊ። ንነገራት ድማ ተጠንቂቕካ ክተልዕሎም ይግባእ። ንቲ ብቕዓት ብኣካላዊ ምንቅስቓስ ክተዕብዮ መደብ እንተሒዝካ፡ ኣካላትካ ንቲ ምውስዋስ ኣካላት ኣብ ሓጺር ግዜ ክለምዶን ነዊሕ ሰዓታት ክንቀሳቐስን ክተገድዶ የብልካን። ሰብነትካ ንቲ ክትገብሮ መዲብካ ዘለኻ ምንቅስቓስ ኣካላት ቀስ ብቐስ ክመልኮ ዕድል ሃቦ። እንተዘይኮይኑ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ሰልኪዩካ ክተቋርጾ ክትግደድ ኢኻ።



### ጥዕና ዘለዎ ኣመጋግባ ኣዘውትር

ኣካላዊ ብቕዓት ዝተዋህበካ ዕዮ ብንቕሓትን ሓይልን ምፍጻም ጥራይ ዝመስሎም ብዙሓት እዮም። እዚ ግን ቅኑዕ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ዝተዋህበካ ዕዮ ብኣካላዊ ብቕዓት ክትዓምም፡ ወይ'ውን ንጡፍ ኴንካ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክተካይድ፡ ንቲ ዘህልኸካ ጸዓት ዝትክእ መኣዛዊ መግቢ የድልየካ። ስለዚ፡ ኣመጋግባኻ - ትሑት ቅብኣት ዘለዎ፡ ልዑል ፕሮቲን ዝሓቖፈ ከምኡ'ውን ሓዱሽን ብዙሕ ምብሳል ዘየድልዮን ክኸውን ኣለዎ።

### ካርቦሃይድሬት ዘለዎም መግብታት'ውን ተመገብ

ካርቦሃይድሬት ዝትሕዝዩኦም መግብታት ክትገደሰሎም ኣለካ። እቲ ምንታይሲ፡ ኣብ ምህናጽ ጭዋዳታት ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም። እዞም ዓይነት መግብታት'ዚኦም፡ ኣሚደ (starch) ከምኡ'ውን ሽኮር ኣብ ኣካላትና ብዘድሊ ዓቐን ክህሉ ይሕግዙ። በዚ ድማ ኣካላትና ብቕዓትን ተጻዋርነትን ከጥሪ ኣይጸግምን። ስለዚ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓይነት ኣእካልን ጥረታትን ከድህብ ኣገዳሲ እዩ።

### በቲ ትፈትዎ ነገራት ምጅማር

ሳዕሲዒት ዶ ዮጋ ትፈቱ፧ ኩዕሶ እግሪ ዶ ኩዕሶ መርበብ፧ በቃ! በቲ ደስ ዝበለካ ዓይነት ምውስዋስ ጀምር። ኣካላዊ ብቕዓትካ ንምዕባይ መረጽካዮ ዘለኻ ምውስዋስ ኣካላት ኤሮቢክስ፡ ባድሚንተን፡ ቴንስ፡ ጂም፡ ሃክቲ፡ ሻኩ ወዘተ ክኸውን ይኽእል እዩ። ትፈትዎ ነገር ምግባር መተባብዒ ዘድልዮ ጉዳይ ስለ ዘይኮነ፡ ከይወዓልካ ከይሓደርካ በቲ ደስ ዝበለካ ምጅማር ቀጻልነቱ ውሑስ እዩ ዝኸውን።

### ነዊሕ ብእግሪ ምጉዓዝ

ነዊሕ ርሕቀት ብእግሪ ምጉዓዝ እቲ ዝቐለለ ኣካላዊ ብቕዓት ንምውሳን ዘኽእል መንገዲ እዩ። ኣካላዊ ብቕዓት ንምዕባይ፡ ንጀመርቲ ኣብ መዓልቲ ካብ 30 ክሳብ 60 ደቓይቕ ብእግሪ ምጉዓዝ የድሊ። ኣብዚ ሓሓሊፍካ ንሓጺር ርሕቀት ናይ ጉያ ምንቅስቓስ ክትሕውስሉ እቲ ዝበለጸ ኣገባብ ከም ዝኾነ ክኢላታት ይሕብሩ።

### ዝመደብካዮ ምውስዋስ ኣካላት ብስሩዕ ክተካይዶ ይግባእ

ክኢላታት ከም ዝሕብርዎ፡ ዝተሓተ ደረጃ ብቕዓት ክተዕቢ፡ መዓልታዊ ን30 ደቓይቕ ምውስዋስ ኣካላት ክተካይድ ይግባእ። እዚ ኣብ ሰሙን እንተውሓደ ሓሙሽተ መዓልታት ብስሩዕ ክተካይዶ እዩ ዝሕበር። ኣካላዊ ብቕዓት ክተዕቢ ኢኻ ተዓሊኻ ዘለኻ፡ ስለዚ፡ እቲ ብቕዓት ቀስ ብቐስ ዝመጽእ ምዃኑ ኣስተብሂልካ ዓቕልኻ ክተጻብብ የብልካን።

### ኣብ ግዜ ምውስዋስ ኣካላት ዕረፍቲ ትረኽበሉ ግዜ ውሱን ክኸውን ኣለዎ

ዕረፍቲ ኣገዳሲ'ኳ እንተኾነ፡ ምውስዋስ ኣካላት ክተካይድ እንከለኻ ግና ተዕርፈሉ ግዜ ብዙሕ ክኸውን ተመሪጹ ኣይኮነን፡ ንኣብነት፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰለስተ ደቒቕ፡ ወይ ካብ ሓደ ዓይነት ምውስዋስ ናብቲ ካልእ ዓይነት ኣብ እትሰግረሉ እዋን ናይ ሓደ ደቒቕ ዕረፍቲ ትገብር እንተለኻ፡ ቀስ ብቐስ ናብ ካልኢታት ክተወርዶ ከም ዘለካ እዮም ክኢላታት ዝመኽሩ። ምኽንያቱ፡ እቲ ትገብሮ ዘለኻ ምውስዋስ ኣካላት ኣድማዒ ክኸውን እንተኾይኑ ብዙሕ ክትዛረብ ስለ ዘይብልካ እዩ።

### እኹል ናይ ዕረፍቲ ግዜ ክህልወካ ግና ይግባእ

ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ደረጃታት ምውስዋስ ኣካላት ትገብሮ ዕረፍቲ ምውሓድ ማለት ኣካላትካ ግቡእ ዕረፍቲ ክረክብ የብሉን ማለት ግን ኣይኮነን። ኣካላትና ካብቲ ክዕጽ ዝኽእል ንላዕሊ ክንወጥሮ ንበሎ ጸቡቕ ኣይኮነን። ተካይዶ ዘለኻ ምውስዋስ ኣካላት ዘህልኸክን ዘጨንቐን ኮይኑ ምስ ዝስመዓካ ክተቋርጾ ከም ዘለካ ኣይትዘንግዖ።

መዓልታዊ እኹል ድቃስ ክትረክበ'ውን ኣለካ። እኹል ድቃስ ኣካላዊ ብቕዓት ንምህናጽ ካብ ዘኽእሉ መንገድታት ሓደ እዩ።

### ብተደጋጋሚ ምምጋብ

ሙብዛሕትና ኣብ መዓልቲ ሰለስተ ግዜ ኢና ንምገብ፡ ቁርሲ፡ ምሳሕን ድራርን እቶም ሰለስተ ናይ መግቢ ሰዓታት እዮም። ኣካላዊ ብቕዓት ንምዕባይ ኣብ እትዓለወሉ እዋን ግና፡ ኣብ ክንዲ ብዙሕ መግቢ ኣብ ሰለስተ እብረ ምምጋብ፡ ውሑድ መግቢ ኣብ ሓሙሽተ እብረ ክትምገብ ተመሪጹ ምኽኑ ይንገር። ኣብዚ፡ መግቢ ናብ ዝደቀቐ ሳብስታንስ ዝሓቕሉ ኣገባብ (metabolize) ክሕይል ይኽእል፡ ዘየቋርጽ ዋሕዚ ቀረብ ጸዓት ኣብ ኣካላትና ከም ዝህሉ ድማ ይገብር።

### ጥዕና ዘለዎ ስብሒ ምውሳድ

ስብሒ ብጠቕላላ ርእሱ ጉዳኢ ኣይኮነን። ስቡሓዊ መግብታት ንኣካላትና ዝለዓለ ፈጠርቲ ጸዓት ኮይኖም እዮም ዘገልግሉ። ስብሒ ንሰብነትና ብዙሀ ጥቕሚ ወይ ጉድኣት ካብቶም ሽዱሽተ መኣዛታት መግቢ ዝተፈልየ እዩ። ፕሮቲንን ካርቦሃይድረይትን ሰብነትና ንዝህልኾ ጸዓት ቀልጢፉ ንኽትክእ ወይ ክሽፍኖ ይሕግዙ፡ ስብሒ ግና ኣብ ርእሲ'ቲ ቀልጢፉ ጸዓት ናይ ምሃብ ክእለቱ፡ ኣብ ኣካላትና ተኸዚኑ ብምጽናሕ፡ ኣብ መጻኢ ንሰብነትና ዘድልዮ ጸዓት የበርክት።

ስለዚ፡ ሰብነትና ብግቡእ ክሰርሕን ጥዑይ ክኸውንን ምጡን ስብሒ የድልዮ። 'ኢሰንሽያል ፋት' ሓደ ካብቶም ንሰብነትና ዘገድሱ ዓይነታት እዩ። እዚ ዓይነት ስብሒ'ዚ ሰብነትና ካብ መግቢ ረኺቡ ዝቃጸሎን ንዝኽዝኖን ስብሒ ይቆጻጸር፡ ዝያዳ ኣብ ኣንጉዕ ኣዕጽምቲ፡ ኣብ ልቢ፡ ሳንቡእን ኩሊትን ድማ ይኽዘን። ብዘይ'ዚ ሰብነትና ብግቡእ ሜታቦላይዝ ክገብር ኣይክእልን እዩ።

ጥዕና ዘለዎ ስብሒ ካብ ዘይቲ ዓሳ፡ እንጣጢዕ፡ ፋልን ኣቮካዶን ክንረክብ ይከኣል።




### ትወስዶ ዓቐን ጨው ምፍላጥ

ኣካላዊ ብቕዓት ንምዕባይ ስሩዕ ዝኾነ ምውስዋስ ኣካላት ተካይድ እንተለኻ፡ ብመንገዲ ረሃጽ ልዑል ዓቐን ሶድየም ካብ ኣካላትካ ተጥፍእ ኢኻ። ስለዚ ነቲ ዝኸደለ ሶድየም ንምምጥጣን ኣብ እትወስዶ ዓቐን ጨው ግቡእ ቆላሕታ ክትገብር ይግባእ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ኣካላትካ ትሑት ዓቐን ሶድየም ምስ ዝህሉ ንዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ክትቃላዕ ትኽእል ኢኻ፡ ገለ ካብኡ፥ መትንታት መልእኽቲ ንምትሕልላፍ ዝጥቀሙሉ ኤለክትሪካዊ ተዘዚታ ይትሕት፡ ርእሰኻ ክፍንጽሽን ሚዛን ክትስሕትን ትኽእል።

### ግዜ ቁርሲ ክትዘሎ ኣይግባእን

ካብ ሰዓታት መግቢ፡ ግዜ ቁርሲ ንኣካላትካ እቲ ዝያዳ ዝበለጸ እዩ። ብግቡእ ምስ ዘይትቖርስ፡ ንቑሕ ኣእምሮን ኣካላትን ክህልወካ ከም ዘይክእል እዮም ክኢላታት ዝገልጹ። ኣብ ግዜ ቁርሲ፡ ልዑል መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘለዎም መግብታት ክትምገብ ተመሪጹ እዩ።

### ድሕሪ መግቢ ብእግሪ ምጉዓዝ

መግቢ ድሕሪ ምውሳድካ ቀስ ኢልካ ብእግሪ ምጉዓዝ ምዝውታር ንጥዕናኻ ዝበለጸ እዩ። እዚ፡ እቲ ዝወሰድካዮ መግቢ ቀልጢፉ ክሃቅቕ ይሕግዝ። መግቢ ብግቡእ እንተሃቂቑ ድማ ኣካላትካ እኹል ቀረብ ጸዓት ክረክብ ኣይሸገሮን። ብእኡ ድማ፡ ኣካላዊ ብቕዓት ብቐሊሉ ክትሃንጽ ትኽእል።

ኣብ መንጎ ድራርን ናብ ዓራት ትድይበሉ ግዜን ናይ 2 ወይ 3 ሰዓታት ፍልልይ ክህሉ ይግባእ

ድሕሪ ድራር ብኡ ንቡኡ ናብ ዓራት ክትድይብ የብልካን። ተመጊብካ ትድቅስ እንተ'ኴንካ ኣካላትካ ስብሒ ክእክብ እኹል ዕድል እዩ ዝረክብ።

### ውዑይ ማይ ምስታይ

ውዑ ማይ ፊት (Sip) እናበልካ ምስታይ ንስርዓተ ምሕቃቕ መግቢ (metabolism) ኣገዳሲ እዩ። እዚ ልምዲ'ዚ ቀስ ብቐስ ዝጥረ ኮይኑ፡ ኣብ መዓልቲ ተደጋጋሚ ውዑይ ማይ ክትሰቲ ዝበለጸ ምዃኑ ክኢላታት ይመኽሩ።

### ክብደት ሰብነት ምዕቃብ

ክብደት ሰብነትካ ምስ ዘይትዕቅብ ኣካላዊ ብቕዓት ክትውንን ዝከኣል ኣይኮነን። ክብደት ሰብነት ምዕቃብ ማለት ልዕሊ ንቡር ወይ ትሕቲ ንቡር ክብደት ሰብነት ዘይምውናን ማለት እዩ። ክብደት ሰብነትና ምስ ቁመትና ዝተመጣጠነ ክኸውን እዩ ዘለዎ። ስለዚ፡ ክብደት ሰብነትና ንምዕቃብ ዘኽእሉ ዝተፈላለዩ ዓይነት ምውስዋስ ኣካላት ስለ ዘለዉ ክንገደሰሎም ይግባእ።

### መዚቃ ምስማዕ

መዚቃ ምስማዕ ኣብ ምንቅቓሕ መትንታት/ ነርቭታት ልቢ ልዑል ግደ ከም ዘለዎ እዩ ዝንገር። ኣብ ኣመራጻ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘመልክቶ፡ መዚቃ እናሰምዑ ኤሮቢክስ ዝካየዱ ሰባት፡ ካብቶም ብዘይ መዚቃ ምውስዋስ ኣካላት ዝካየዱ ዝውሓደ ህርመት ልቢ ኣመዝጊቦም።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቁ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ.113395-07588045

ምልክታ
ቁ.ስ 125013 - ቁ.ሳ.ጾ. 1284

# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ዝምድና ሩስያን ኣመሪካን ይመሓየሽ ኣሎ ድዩ፧



ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ምስ ሩስያዊ መዘናኡ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ዘለዎ ርክብ ኣብ ዝሓሸ ደረጃ በጺሑ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ብወገን ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎድሚር ዘለንስኪ መረረታት ይስማዕ ኣሎ። ኲናት ዩክሬን ራብዓይ ዓመቱ ኣቑጺሩ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ምዕራባውያን ሃገራት ንዩክሬን እልቢ ዘይብሉ ወተሃደራውን ፊናንሲያውን ሓገዛት እናመጠዋን ኣብ ልዕሊ ሩስያ ተደራራቢ እገዳታት እናንበራን ኮይኑ ኲናት ብኢደ ዙር ክሳስይኦ ጸኒሐን እየን። በዚ ዝተተባብዐት ዩክሬን ከኣ፡ ምስ ሩስያ ተኳይዶ ዘላ ውግእ ደው ከተብሎ ድሌት ከም ዘይብላ ዝእንፍት ስጉምትታት'ያ ክትወስድ ጸኒሓ።

ይኹን'ምበር፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ሒደት ሳምንታት፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ምስ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ሓድሽ ስምምዕ ድሕሪ ምኽታሙ፡ ዝምድና ኣመሪካን ዩክሬንን ክሕርፍፍ እዩ ተራእዩ። መራሒ ዩክሬን ቮሎድሚር ዘለንስኪ፡ ኣመሪካ ምስ ሩስያ ሓድሽ ስምምዕ ምኽታማ ኣይተቐበሎን ዘሎ። ብመሰረት'ቲ ኣብ መንጎ እዘን ክልተ ሃገራት ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ፡ ሩስያ ኣብዛ ወርሒ'ዚኣ ኣስታት 300 ሽሕ ቶን ናፍታ ናብ ዕዳጋታት ኣመሪካን ዓለምን ከተቕርብ'ያ። ኣብ ዝመጽእ ሕዳር ድማ፡ ተወሳኺ 500 ሽሕ ቶን ናፍታ ናብ ዕዳጋታት ክትልእኽ'ያ። ቀጺላ'ውን እታ ሃገር ሓደ ሚልዮን ቶን ዝግመት ናፍታ ናብ ዕዳጋታት ዓለም ሰደድ ክትገብር ምኳና'ዩ ተፈሊጡ ዘሎ። በዚ ከኣ፡ እቲ ብሰንኪ ኲናት ኢራን ብደረጃ ዓለም ተኸሲቱ ዘሎ ቅልውላው ጸዓት ገለ ፍታሕ ክረክብ ከም ዝኽእል እዩ ግምታት ዘሎ።

ከም መቐጸልታ ናይቲ ኣብ ዝሓሸ ደረጃ በጺሑ ዘሎ ክልተኣዊ ዝምድና ኣመሪካን ሩስያን፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ኖቲ ኣብዚ እዋን'ዚ ተግባራዊ ክኸውን ምኳኑ ዝነገረሉ ዝነበረ - ኣብ ልዕሊ ሩስያ ዝተኣወጀ እገዳ ኣመሪካ፡ ተግባራዊ ከይከውን ዓጊትዎ'ዩ ዘርኩብ ዘሎ። ትራምፕ፡ እቲ ኣብ ዝሓለፈ መስከረም ብባይቶ ኣመሪካ ዝጸደቐ እገዳ ኣብ ልዕሊ ሩስያ፡ እንተላይ ንረብሓ ኣመሪካ ዝጻባእ ክኸውን ከም ዝኽእል ብምግላጽ'ዩ ንኽልተ ኣዋርሕ መጽናዕቲ ክካየደሉ ኣዚዙ ዘሎ። በዚ ከኣ፡ ፕረዚደንት ቮሎድሚር ዘለንስኪ ብውሳነ ናይቲ ፕረዚደንት ኣዝዩ ከም ዝሓዘነ ይገልጽ ኣሎ።

### ንምኳኑ እቲ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ክትግበር ተባሂሉ ዝነበረ እገዳታት እንታይ እዩ ነይሩ፧

ንገለ ኣብቲ እገዳታት ምስ እንምልከት፡ ቻይናን ህንድን ዝርከብኦን ካብ ሩስያ ብብዝሒ ነዳዲ ዝሸምታ ሓሙሽተ ሃገራት ዓለም፡ ካብታ ሃገር ዝገብርኦ ሸመት ነዳዲ ደው ንኸብላ ኣብ ልዕሊ ናብ ኣመሪካ ዝልእኻኦ ንግዳዊ ፍርያት ናይ 100 ሚእታዊት ቀረጽ ክስላዕ ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ዝርከቦም ብርክት ዝበሉ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ሩስያ ቀይድታት ክግበር ዝብል'ዩ ነይሩ። ብተወሳኺ፡ እቲ እገዳታት፡ ኑተን ካብ ሩስያ ነዳዲ ኣብ ምግዕዓዝ ዝጥቀማ ዓበይቲ መራኽብ ዒላማ ዝገበረ'ዩ ነይሩ።

በዚ ብፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ዝተወሰደ ሓድሽ ስጉምቲ ዝተሓጎሰት ሩስያ፡ ብመንገዲ ፍሉይ ልኡኻ ክሪል ዲሚትሪቭ ኣቢላ፡ "ኣገዳስን ናይ ብሓቂ ታሪኻውን ውሳነ" ክትብል ንውሳነ ትራምፕ መጉሳቶ ኣላ። ብወገን ዩክሬን ግን፡ እቲ ዝተዋህበ ግብረ መልሲ ከምቲ ኩሉ ሰብ ዝገምቶ ተጻራሪ እዩ ነይሩ። ፕረዚደንት ዘለንስኪ፡ እቲ ኣብ መንጎ ሩስያን ኣመሪካን ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ ነዳዲ፡ "ሩስያ ኣብ ኲናት ከተውዕሎ እትኽእል ዘይተኣደነ ገንዘብ ንኽትረክብ ዝሕግዝ'ዩ" ኢሉ። እቲ ባይቶ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ዘጽደቖ እገዳ ተግባራዊ ከይኮነ ክጸንሕ ትራምፕ ዝሕለፎ ውሳነ ድማ ብትሪ ኮኒኑዎ ኣሎ። ዘለንስኪ፡ "ባይቶ ኣመሪካ ዘጽደቖ እገዳ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ብፕረዚደንት ትራምፕ ተግባራዊ ኮይኑ እንተ ዝኸውን፡ ሩስያ ኖቲ ኲናት ኣብ ዝሓጸረ እዋን ደው ከተብሎ ምተገደደት ነይራ" ክብል'ውን ርእይቶኡ ገሊጹ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ዩክሬን ኣብ ልዕሊ ትካላት ጸዓት ሩስያ ንእተካይዶ ዘላ ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት ብትሪ ካብ ምንቃፍ ኣየዕረፈን ዘሎ። ንሱ፡ "ዩክሬን ካልእ መራሒ ተናድየሉ እዋን ኣኺሉ'ዩ" ብምባል'ውን፡ ንፕረዚደንት ዘለንስኪ ክዘልፍ ተሰሚዑ እዩ።

ብተወሳኺ፡ ፍሉይ ልኡኽ ኣመሪካ ስቲፍ ዊትኮፍ፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ምስ ፕረዚደንት ቮሎድሚር ዘለንስኪ ኣብ ከተማ ኦስሎ - ኖርወይ ዝርርብ ከም ዘካየደ፣ ኣብ ዝቐጸለ መዓልቲ ድማ ናብ ሩስያ ተጓዒዙ ምስ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ብምርኻብ ኣብ ጉዳይ ኲናት ዩክሬን ኣመልኪቱ ዝርርብ ከም ዘካየደ ክግለጽ ቀንዩ'ሎ። እቲ ምስ ክልተኦም መራሕቲ ዝተገብረ ርክብ ኣዝዩ ውጽኢታዊ ምንባሩ ድማ፡ ማዕከናት ዜና ዓለም ኣቃሊሐን ኣለዋ።

በተን ኣባላት ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝኾና ሃገራት ንዩክሬን ዝግበር ዘሎ ወተሃደራዊ ደገፍ፡ ኖቲ ኲናት መሊሱ እዩ ዘጕሃህሮ ዘሎ። ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣብቲ ዞባ ህላወአን ንምውሓስን ረብሓታተን ንምቕዳምን ክብላ፡ ንዩክሬን ከም ባይታ ይጥቀማላ እየን ዘለዋ። ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ኣርባዕተ ናይ ውግእ ዓመታት፡ እዘን ምዕራባውያን ሃገራት፡ ብመንገዲ ዩክሬን ኣቢለን እየን ምስ ሩስያ ናይ ውክልና ውግእ ከካይዳ ጸኒሐን። እዚ ማለት፡ ዩክሬን እትገብሮ ኩሉ ወተሃደራዊ ምንቅስቓሳት፡ ኢድ ናይ'ዘን ሃገራት ዘለዎ እዩ - ብመሰረት ተንተንቲ ፖለቲካ።

እዚ ኩሉ ንዩክሬን ዝወሃብ ወተሃደራዊ ሓገዛት ግን፡ ብዓይኒ ፌደረሽን ሩስያ ፍጹም ኣገዳስነት ከም ዘይብሉ እዩ ዝንገር። ሩስያ፡ ሃገራት ምዕራብ ንዩክሬን ዝህባኦ ዘለዋ ወተሃደራዊ ሓገዛት፡ ኖቲ ኲናት ካብ ምጉህሃር ሓሊፉ ኣብ ባይታ ዘምጽኦ ለውጢ ከም ዘየለ እያ ብተደጋጋሚ ከተጠንቕቕ ጸኒሓ። ፕረዚደንት ቮሎድሚር ዘለንስኪ ግን ብኣንጻሩ፡ ኖቲ ኲናት ከይተዓወተሉ ብዘተ ደው ክብል ድሌት ዘለዎ ኣይመስልን እዩ - ብመሰረት እቶም ተንተንቲ ፖለቲካ።

ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ሒደት ዓመታት፡ ምዕራባውያን ሃገራት ንዩክሬን ልዕሊ 380 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ወተሃደራዊ ሓገዛት ልኢኸናላ እየን። ኣባላት ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ እተን ዝለዓለ መጠን ሓገዝ ናብ ዩክሬን ዝለኣኻ ክኾና እንከለዋ፡ ክሳብ እዛ ሰዓት እዚኣ ብድምር ልዕሊ 235 ቢልዮን ዶላር ናብ ዩክሬን ልኢኸን ኣለዋ። ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ድማ ንኤውሮጳዊ ሕብረት ተኸቲላ፡ ካልኣይቲ ዝለዓለ ወተሃደራዊ ሓገዝ ናብ ዩክሬን ዝለኣኸት ሃገር ኮይና ኣላ። ኣመሪካ ዛጊት ልዕሊ 129 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ወተሃደራዊ ሓገዝ ናብ ዩክሬን ልኢኻ ኣላ። እንተኾነ፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ንኻልኣይ ግዜ በትረ ስልጣን ኣመሪካ ድሕሪ ምጭባጡ፡ ኣመሪካ ንዩክሬን ትምጥወላ ዝነበረት ወተሃደራዊ ሓገዛት ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ ከንቀልቁል እዩ ተራእዩ። እዚ ማለት፡ ካብታ ፕረዚደንት ትራምፕ ስልጣን ዝተረከበላ ጥሪ 2025 ክሳብ ሕጂ፡ ኣመሪካ ናይ ኣስታት 550 ሚልዮን ዶላር ጥራሕ ዝግመት ወተሃደራዊ ሓገዛት እያ ናብ ዩክሬን ልኢኻ ዘላ። እዚ መጠን እዚ፡ ምስቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ናይ ኣስታት 139 ቢልዮን ዶላር ሓገዛት ክወዳደር እንከሎ፡ ዳርጋ ብ90 ሚእታዊት እዩ ጎዲሉ።

የግዳስ፡ ሃገራት ኤውሮጳ፡ ነዚ እናንጸፈ ዝኸይድ ዘሎ ሓገዛት ኣመሪካ ናብ ዩክሬን ፍጹም ከም ዘይቅበላኦ'ዩ ዝንገር። ምኽንያቱ፡ እዘን ሃገራት፡ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ፡ ኣብቲ ዞባ ዘለወን ህላወ ንምውሓስ እየን ብኢደ ዙር ምስ ሩስያ ዝዋግኣ ዘለዋ። ዩክሬን ኣብቲ ኲናት ተዓዊታ ንኽትወጽእ ከኣ፡ ዘይተኣደነ ሓገዛት ናብታ ሃገር ክውሕዛ ኣለዎ እየን ዝብላ። በዚ እየን ከኣ ኣመሪካ ንዩክሬን እትምጥወላ ሓገዛት ክብ ከተብሎ ተደጋጋሚ ጻውዒት ዘቕርባ ዘለዋ።

\- - - - - - -

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 10:15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 11:45 | ደርፊ |
| 12:00 | ሃገራዊመዝሙር |
| 12:02 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ማህደር |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 14:45 | ጩራ ጥዕና |
| 15:30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 17:00 | ዜና(ትግርኛ) |
| 17:15 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዚይክ |
| 19:20 | እትመት |
| 18:30 | ዜና ትግረ |
| 19:00 | ቴራብ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ማህደር ሓቂ 1ይ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዓለም ስነ ጥበብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 23:00 | እንዳ ዝማም |



# ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርኡ (ወዲ-ሃለቃ)

## "ኣብ'ዚ እዋን ብሰርቨር ዝተቐየደ ስርዓተ መርበብ ምህናጽ ኣገዳሲ እዩ" ኢ.ንጅ- ቶምቦሳ ኣስመላሽ

*ክቡራት ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፥ ኣብ ናይ ሎሚ ሕታምና ብዛዕባ ዲጂታዊ ኣገባብ ኣሰራርሓ ምስ መራኸቢ ብዙሓን ብምትእስሳር፡ ኣብ ሚ/ሪ ዜና ምስ ዳይረክተር ቴክኖሎጂ ሓበሬታ ( IT) ኢ.ንጅነር ቶምቦሳ ኣስመላሽ ቃለ-መሕተት ኣካይድና ምዃርና ይፍለጥ። ንሎሚ ድማ 2ይ ክፋሉ ይስዕብ።*

**ኢ.ንጅነር ቶምቦሳ፡ ብሓፈሻ ረብሓታት ናይ ዲጂታል እንታይ እዩ፧**

ዲጂታይዘሽን ብዙሕ ረብሓታት እዩ ዘለዎ። ብዘይ ብኡ ኣብ ዘይንበረሉ ደረጃ እዩ ተበጺሑ ዘሎ። ገለ ኣብነታት ክንጠቕስ እምበር ረብሓታት ዲጂታል ተዘርዚሩ ዝውዳእ ኣይኮነን። ዲጂታላይዘሽን ብመንጽር ኣናሎግ እንተጠመትናዮ ረብሓታቱ ዝያዳ ጉሊሑ ክረኣየና ይኽእል።

ኣብ ሚድያ ኣድሂብና ክንዛረብ እንተደኣ ኰይንና፡ ዲጂታዊ ሰነዳት ብፋይል ደረጃ ክትሕዝ፡ ናብ ካልእ ሰብ ከተሰጋግሮን ክትቀብሎን ትኽእል። ከም ኣብነት ኣብ ሓንቲ ኣናሎግ ካሴት ናይ ክልተ ሰዓት ዛንታ ኣላትና ንበል። ናብ ካልእ ካሴት ንኽትቕዳሕ ክልተ ሰዓት ምሉእ ክሰጻውታ ኣለና። ፍሬም ድሕሪ ፍሬም፡ ካልኢት ብኻልኢት ደቒቕ ብደቒቕ ተር ኣሉ (linear) እዩ ዝግዕዝ። ኣቋራጭ ዝበሃል ኣገባብ ኣሰራርሓ የብሉን። ነዊሕ ናይ ግዜን ጉልበትን ሃልኪ እዩ ዘለዎ። ኣብ'ዚ ናይ ዲጂታል እዋን ግን ናይ ክልተ ሰዓት ቪድዮ ካብ ሞባይል ናብ ሞባይል ኣብ ውሽጢ ክልተ፡ ሰለስተ ደቒቕ ከሕልፈልካ ይኽእል። ከም ዕብየትን ቅልጣፈን ናይ'ቲ ዘለካ መሳርሒታት፡ እቲ ዲጂታዊ ሰነድ ከም ዘለዎ ይሓልፍ። እዚ ብደረጃ ፋይል (File Based) ምስግጋር ንበሎ።

**- ቀጽል ቶምቦሳ**

ካልእ፡ ምስ ዕለታዊ ስራሕና ብዝተኣሳሰር ኮምፕዩተር ኣብ ምሕደራ ዲጂታዊ ሰነዳት ዓቢ ኣሳልጦ ክትፈጥረልና ትኽእል። ኮምፕዩተራት ኣብ ውሽጠን ንዝተሰነደ ፋይላት ብዝተፈላለየ መለክዒታት ናይ ምስራዕ ዓቕሚ ኣለወን። እቲ ፋይል ብዝጸወዓሉ ስም፡ እቲ ፋይል ብዝተፈጠረሉ ዕለት፡ ብዓይነት ናይ'ቲ ፋይልን ካልእን ክኸውን ይኽእል። ንኣብነት ኣብ ኮምፕዩተረይ ዘሎ ነዊሕ ዝገበረ ፋይል ክውጽእ እንተደልየ፡ ኩሉ ረሲዐ ዕለት ጥራይ እንተ ዘኪረ'ውን እኹል እዩ። ካብቲ ዕለት ተበጊሱ ነቲ ፋይል ቀልጢፈ ንኽረኽቦ ዲጂታዊ ጸጋታት እታ ኮምፕዩተር ይሕግዙኒ። ኣብ ሰነዳ (Archive) ብግቡእ ዝተኸዘኑ ፋይላት ዘመሓድር ሶፍትዌር እንተተወሲኹዎ ኣሳልጦኡ መዳርግቲ የብሉን። ኣብ ኣናሎግ ቴፕ ወይ ወረቐት ጥራይ ዝተቐመጠ ሰነድ ግን፡ ኣበይ ከም ዘሎ ካብ ዝተቐመጠሉ ከቢሒ ሃሰው ኢለ ክረኽቦ ኣድካሚ እዩ። ኣብ ካልእ ወረቐት ዝተመዝገበ ኢንደክስ እንተ ጸኒሑካ ገናጸልካ ክትረኽቦ ትፍትን። እቲ ሰነድ ኣብቲ ዝተመዝገበሉ ከቢሒ ማስርዑ ሓልዩ እንተ ጸኒሑካ ዕድለኛ ኢኻ። "መዝገብካ ተሳኢኑ" ተባሂሉ ዝጎነተ ኣናሎጋዊ ስራሕ ምርኣይ ዘገርም ኣይኮነን። ናይ ኮምፕዩተር ዲጂታዊ ጸጋታት ግን ሓደስቲ ሰነዳት ክትፈጥር፡ ሰነዳትካ ብቐሊሉ ክትጥርንፍ፡ ክትሰርዕ፡ ክትውድብ፡ ክትረኽቦን ክተመሓድሮን የኽእለካ።

ኣብ ማእከላይ መኽዘን ኮምፕዩተር ዝተቐመጠ ሰነድ ኣብ ሓደ እዋን ንብዙሓት ተጠቀምቲ ኣገልግሎት ክህብ ይኽእል እዩ። ንኣብነት ሓደ ኮለጅ ወይ ቤት ትምህርቲ ክጥቀመሎም ዝኽእል መጻሕፍቲ፡ ትምህርታዊ ቪድዮታትን ካልእ መወከሲታትን ኣብ ሓደ ሰርቨር ኣሰፍሮ። ብቑዕ መሳርሒታት እንተደኣ ኣማሊእናሎም ብኣማኢት ዝቑጸሩ ተመሃሮ ኣብ ሓደ እዋን ንሓንቲ ኣገዳሲት ዝተባህለት ሰነድ ክወከስዋ ይኽእሉ። እዚ ናይ ዲጂታል ላይብረሪ ቅርጺ ይሕዝ ኣሎ ማለት እዩ። ኣብ ወረቐት ዝተሓትመ መጻሕፍቲ ጥራይ ነይሩ እንተ ዝኸውን ግን፡ ንኹሉ ተመሃራይ ኣብ ኢዱ መወከሲ መጽሓፍ ክበጽሓሉ ምተገደድና። እተን ቅዱሓት ውሑዳት እንተ ኾይነን ከኣ፡ ቀዲሞም ዝሓዙወን ተመሃሮ ጥራይ ምተዓወቱለን።

**- እወ . . .**

ሓንቲ ኮምፕዩተር ሓደ ሰብ ንበይኑ ክሰርሓላ ይኽእል እዩ። ዲጂታዊ ሰነዳት ብዝተወሃሃደ መልክዕ ወይ ብጉጅለ ክንሰርሓሉ እንተ ተደልዩ ግን ኮምፕዩተራትና ኣብ ሓደ ወሀዶ ስርዓተ መርበብ ክጥመራ ኣድላዪ እዩ። ስርዓተ መርበብ ኮምፕዩተራት ቀዳሚ ምህናጽና ናብቲ መርበብ ንኽንእቱ ዘገደደ ምኽንያት ኣዚ.ርና ክንፈልጥ ኣለና። "ስለምንታይ ኣብ ሓደ ጥሙር ስርዓተ መርበብ ንኣቱ፧" ኢልና ኢና ንሓትት። ወይ እቲ ስርዓተ መርበብ እንታይ ተወሳኺ ጸጋታት ክፈጥረልና ይኽእል ኢና ንበል። ኮምፕዩተራት ብቐሊሉ ኣብ ስርዓተ መርበብ ናይ ምጽማድ ክእለት ኣለወን። ንኹለን ኮምፕዩተራትና ኣብ ማእከል ኮይኑ ንሓድሕደን ዘራኽበን መስመራትን መሳርሒታትን ኣለና። ንኣብነት መስርሕ ምድላው ጋዜጣ ንወሰድ። ኣብ ኣርባዕተ ኮምፕዩተራት ኰይንና ኣብ ሓንቲ ጋዜጣ ክንሰርሕ ንኽእል ኢና። ኣብ'ቲ ጋዜጣ ኣርባዕተ ዕማም ክህልወና ይኽእል። እቲ ሓደ ጋዜጠኛ ኣዳላዊ ናይቲ ጽሑፍ ክኸውን ይኽእል። እቲ ሓደ ኣራሚ፡ እቲ ሓደ ሰይኣውት ዝገብር፡ እቲ ሓደ ስእልታት ዘእቱ ክኸውን ይኽእል። ብዙሓት ሰባት ኣብ ኣርባዕተ ኮምፕዩተር ኰይንና፡ ንሓንቲ ስራሕ ተመላሊስና ንኽንሰርሕ እቲ ስርዓተ መርበብ ኣድላይን ምኽኑይን ኮይኑ ኣሎ ማለት እዩ። ጋዜጣ ከም ኣብነት ነምጽአ ኣለና እምበር፡ ኣብ ፕሮግራሚንግ'ውን ከምኡ እዩ። ዓበይቲ ናይ ፕሮግራሚንግ ስራሕ ክዕመም እንተለዎ፡ ነቲ ስራሕ ሓደ ሰብ ኣብ ሓንቲ ኮምፕዩተር ክውድኦ ኣይክእልን እዩ። ከምኡ ስለዝኾነ ነቲ ስራሕ፡ ምዕራፋት (modules) ነውጽኣሉ። እቲ ሓደ ገለ ነገር ይሰርሕ፡ እቲ ካልእ ከኣ፡ ሓደ ነገር ይወስኸሉ። ንሓድሕድና እናተረዳዳእናን እናተኣራረምናን፡ ሓደ ዕብይ ዝበለ ነገር ክንማዕብል ንኽእል።

ሓደ ስርዓተ መርበብ ብውሑዳት ኮምፕዩተራት ጥራይ ዝቖመ ወይ



ንወሰኑን እዋን ጥራይ ዘገልግል እንተ ኾይኑ ምናልባት ዓበይቲ ሰርቨራት ዘየድልዮ ክኸውን ይኽእል። ሓደ ኮምፕዩተር ብቐጥታ ምስ ካልኦት ኮምፕዩተራት ተጸሚዱ ይሰርሕ። ናይ ቀረባ መሳርሕትን ንተኣማመንን እንተ ደኣ ኾይንና፡ ከም ሓደ ኣካል ነንሓድሕድና እናተመላላእና ንሰርሕ። ኣብ ምትእምማን ዝተመርኰሰን ንጹብ'ቕ ሕልና ዝግደፍን እዩ። ብዙሕ ቀያዲ ሕግታት የብልናን። ኩላትና ማዕረ ስልጣን ኣለና። እዚ ድማ፡ መዛና ንመዛና (peer to Peer) ስርዓተ መርበብ ኮምፕዩተራት ንበሎ።

**- ኣብ ዓበይቲ ትካላት እንተ ደኣ መጺእና ኸ፧**

ናብ ማእከላይን ዓበይትን ትካላት እንተ ደኣ መጺእና ግን፡ ሓደ ጉዳይ ሕጊ ክህሉ ግድን እዩ። ሰባት ዘድልዮም ፋይል ወይ ሓበሬታ ጥራሕ ክርእዩን ከማስርሑን ከም ዝኽእሉ ንምግባር ዘገድድ ቅጥዒ ኣሰራርሓ ክንደፍን ክትግበርን ኣለዎ። ኣቖዲሙ ዝተሃንደሰ ኑቲ ስራሕ ዝበቅዕ መስርዑ ዝሓለወ ዋሕዚ ስራሕ (work flow) ልዑል ትኹረት ይወሃቦ። ውሕስነት ሰነዳት ንምሕላውን ብቐዓቱ ዝተረጋገጸ ፍርያት ንምውጻእን ብሰርቨር ዝተቐየደ ስርዓተ መርበብ ምህናጽ የድሊ። መን እንታይ እዩ ናይ ስራሕ እጃሙ ወይ ሓላፍነቱ ብዘየሻሙ ክንጸርን ኣብ ኣገዳዲ ሕግታት ሰርቨር ክሰፍርን ኣለዎ። እዚ ማለት ከኣ፡ ኣብ ሓደ ስራሕ ዘለው ኣባላት ብመሰረት ናይ ስራሕ ብጽሒቶም ንገለኦም ዘወሃብ ፍቓድ ካብ ናይ ካልኦት ዝተፈለየ ክኸውን ግድን እዩ። ገለኦም ሰብ ሓበሬታ ምእታው ጥራሕ ይኽውን ስርሖም። ገለኦም ከኣ ኑቲ ሓበሬታ ምርኣይ ወይ ምንባብ ክኸውን ይኽእል። ካልእ ሰብ ከኣ፡ ኣብቲ ሰነድ ምልውዋጥ ክገብር ከማዕብልን ክሳብ ምድምሳስ ዝኸይድ ሓላፍነት ክህልዎን ይኽእል። ኩላትና ሓላፍነትናን ናይ ስራሕ ምቕሊትናን ፈሊጥና እታ ትምልከተና ንሕተተላን ስራሕ ጥራይ ኣሳሊጥና ንወጽእ። ኣብ'ዚ እቲ ሰርቨር ጉዳኢ እዩ፣ ኣብኡ ሕግታት የእቲና ኣለና። ኣብኡ ብዝሰፈረ ሕግታት እተን ኮምፕዩተራት ይቖየዳ። ኮምፕዩተራት ጥራሕ ዘይኮና ናይተን ኮምፕዩተራት ተጠቀምቲ መዝኑዖም ዘፍቅደሎም ስራሕ ጥራይ ከም ዝሰርሑ ነረጋግጽ። እዚ ብግደኡ ንጹር ናይ ስራሕ ተሓታትነት ይፈጥር። ኣብ መንነ መሳርሕቲ ምትእምማንን ሓድሕድ ምኩባርን የማዕብል። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ብሰርቨር ዝተደገፈ ስርዓተ መርበብ፡ ኮምፕዩተራት ጥራሕ ኣይኮንናን ነመሓድር፡ ናብቲ ስርዓተ መርበብ ዝኣቱን ዝወጽእን ዝምስራሕን ሰነዳት ነመሓድር። ኣብ መንነ እቶም ሰባትን እተን ኮምፕዩተራትን ዘሎ ናይ ስራሕ ወሀደትን ዋሕዝን ነመሓድር። ኣነ ኣብ ምድላው ጋዜጣ ኣብ ገጽ ሓደ እናሰራሕኩ፡ ንስኻ ኣብ ገጽ 10 ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ። ካልእ መሳርሕትና ኣብ ገጽ 6 ወይ ካልእ ይሰርሕ። ክሳብ ገጽ ሓደን ክልተን እናበለ ተር ኢሉ ዝውዳእ ኣይትጽበዩን ኢኻ። እታ ስራሕ ብሓደ ንእሽቶይ ነገር ጀሚራ፥ ኣድ ብዙሓት እናተሓወሰ ዝተፈላለየ ትሕዝቶ እናተወሰኸላን እናተመሓየሸትን ኣብ መወዳእታ ከም ሓንቲ ጥምርቲ ጋዜጣ መሳለ፡ ሓደ ውዱእ ፍርያት ነውጽእ ማለት እዩ። እዚ ዲጂታዊ ኣገባብ ኣሰራርሓ ካብ ዝፈጠሮ ጸጋታት ኣብ ሰርቨር ዝተመርኮሰ (Server Based) ስርዓተ መርበብ እንብሎ እዩ። ስለ'ዚ ዲጂታል ብውህደታዊ ኣገባብ ንኽንሰርሕ ዘኽእለና ስለዝኾነ፡ ኣዝዩ ብዙሕ ረብሓታት እዩ ዘለዎ።

**- ዲጂታዊ ኣገባብ ኣሰራርሓ ኣብ ምውህሃድ ሰነዳት ጥራሕ ከይትሓጸረ፡ ኣብ ሕትመት ናይ ሓደ ትካል ዝህሎ ረብሓ ኸ እንታይ ይመስል፧**

ዲጂታዊ ኣገባብ ኣሰራርሓ ኣብ ምልውዋጥን ምውህሃድን ሰነዳት ከይተሓጽረ፡ ኣብ ሓደ ትካል ዘለዉ መሳርሒታት ብሓባር ንኽንጥቀመሎም ባይታ ዘጣጥሕ እዩ። ንኣብነት፡ ዝተፈላለያ ኣካላት ናይ ሓደ ትካል ሰነዳት ክሓትማ ዘድልየን እንተ ኾይኑ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ቤት ጽሕፈት ኮምፕዩተርን ፕሪንተርን ክተቐምጥ ኣይትኽእልን። ኣብ ሓደ ማእከላይ ቦታ፡ ሓንቲ ንኹብደት ናይቲ ስራሕ እትበቕዕ ፕሪንተር ትገብር። እቲ ፕሪንት ክገብር ዝደሊ ሰብ ብቐሊሉ ኣብ ኮምፕዩተሩ ኮይኑ፡ ኣብታ ናይ ሓባር ፕሪንተር ይጥቀም። ምስ ሰርቨር ኣዛሚድና ክንርእዮ እንተ ደኣ ኰይንና፡ እቲ ፕሪንት ክገብር ዝተፈቕደሉ ሰብ ጥራይ እዩ ክጥቀም ዝኽእል። ኣብ ሓደ ናይ ስራሕ ኣከባቢ ክሳብ ዘለና፡ ንነፍሲ-ወከፍ ሰብ ወይ ንነፍሲ ወከፍ ንኣሽቱ ቤት ጽሕፈት ፕሪንተር ምግዛእ ኣየድልየን እዩ። ስኪነራትን ካልኦት መሳርሒታት ቤትጽሕፈትን ብውሁድ ኣገባብ ክንሰርሓለን ንኽእል ኢና።

**- ናይ ሓባር ዲጂታዊ መኽዘን ክንጥቀም ንኽእል ዶ፧**

ካብኡ ሓሊፍና፡ ናይ ሓባር መኽዘን ዲጂታዊ ሰነዳት ክንጥቀም ንኽእል ኢና። ንኣብነት ናተይ ኮምፕዩተር ክትሕዞ እትኽእል ዓቕሚ ውሱን'ዩ። ዓበይቲ ናይ ቪድዮ ፋይላት ኣብ ኮምፕዩተርና እንተ ደኣ ኣቐሚጥናዮም ልዕሊ ዓቕማ ክኸውን ይኽእል። ነፍሲ-ወከፍ ኮምፕዩተር ገዚፍ መኽዘኒ ሰነድ ከተዕጥቓ ክሳርሑ'ዩ ዝዓቢ። ሰነዳት ንምኽዛን ብፍሉይ ዝተዳለወ ሰርቨራት (Storage Vaults) ምጥቃም ዝያዳ ተመራጺ እዩ። እዚ ዓይነት ሰርቨራት ኣዝዩ ብዙሕ ሰነድ ንዘከውሓ እዋን ንክኸዝን ዝተሰርሐ ብምዃኑ ብዙሕ ናይ ድሕነት ቴክኖሎጂ ዝዓጠቐ እዩ። ሰነዳት ብቐሊሉ ከይበላሾ፡ ከይድምሰስን ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ከይምዝመዝን ውሕስነት ዝሁብ መተግበሪታት ስለ ዘለዎ ማእከሎትን ዓበይትን ትካላት ልዑል ወጻኢታት ብምግባር ዝተኸልእ ኣገዳሲ ክፋል ዲጂታዊ ስርዓተ መርበብ እዩ።

ኣብ'ዚ ዘመነ ሓበሬታ ቡብመዓልቱ ዝፈሪ ዲጂታዊ ሰነዳት እናበዝሐ ብምምጽኡ ኣብ ልዕሊ መኽዘናት ልዑል ጸቕጢ ፈጢሩ ይርከብ። ትካላት ጥራይ ዘይኮና ነፍሲ-ወከፍ ሰብ፡ ዘይተኣደነ ሰነዳት ፎቶግራፍ፡ ቪድዮ፡ ናይ ድምጺ መልእኽቲ፡ ጽሑፋትን የፍሪ። ነፍሲ-ወከፉ ግን ከምዚ ዓይነት ዓበይቲ መኽዘናት ክውንን ኣይክእልን። ነዚ ልዑል ጠለብ መኽዘኒ ሰነዳት ንምምላስ፡ ዓበይቲ ኩባንያታት ማዕከን ሰነዳት (Data Center) ሃኒጸን ኑቲ ጠለብ ንምምላስ ኣብ ንግዳዊ ስራሕ ተዋፊረን ኣለዋ። ዝተፈላለየ ሰነድ ካብ ዝተፈላለየ ኣፍረይቲ ወይ ተጠቀምቲ ተኣኪቡ ኣብ ሓደ ቦታ ብሓደራ ዝቕመጠሉ ዓቢ ንግዳዊ መኽዘን እዩ። እዚ ንኽንገብር ኮፕዩተራትና ኣብ ኣህጉራዊ መርበብ ኮምፕዩተራት ዝተጠምራ ምዃነን ከረጋግጽ ኣለና። ምኽንያቱ ሓደ ኣብ ኣፍሪቃ ዝቕመጥ ተገልጋሊ ኣመሪካ ኣብ ዘሎ 'ዳታ ማእከል' ሰነዳቱ ክቕምጥ እንተ ኾይኑ፡ ግድን እዚ መርበብ የድልዮ። እዚ ናብቲ ክላውድ እንብሎ ዲጂታዊ ኣገልግሎት እዩ ዘወስደና። ገለ ትካላት ባዕላተን ዝቈጻጸርኦን ዘመሓድርኦን ናይ ጉዳእ ርእሰን ማዕከን ሰነዳት ምውዳድ ይመርጻ። ተኣፋፊ ወይ ምስጢራዊ ሰነዳት ኣብ ናይ ጉዳእ ርእስኻ ዲጂታዊ መኽዘናት ምቕማጡ ዝምረጽ እንተኾይኑ ከሎ ገና ምውሳን የድሊ። ኣብ'ዚ እዋን እዚ ብዙሓት መንግስታት ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝተደኮነ ማዕከን ዲጂታዊ ሰነዳት ይምስርታ ኣለዋ። እዚ ኣገባብ'ዚ ሃገራዊ ሰነድ ንደገ ካብ ምውጻእ ዘድሕን እዩ። ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ሃገር ንኣሽቱን ነንሓድሕዱ ዘይመሳሰልን ብዙሓት ማዕከናት ዲጂታዊ ሰነዳት ምምስራት ግን ኣድማዒ ኣይኮነን።

**ይቕጽል...**

# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

2ይ ክፋል

# ዕቃበ ብረት መስርዕ ሰሜንን ኣግማሉን

ደበሳይ ተስፋዝጊ

*ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ ክፍሊ ዕቃበ ብረት ድሕሪ መስመር ጸላኢ ዞባ ሰሜን፡ ካብ ግዜ ምዝላቕ ጀሚራ ኣብ መርከን (ሰሜናዊ ባሕሪ) ዓስኪራ ትነጥፍ ከም ዝነበረት፡ ኣብ ድሮ 6ይ ወራር ጸላኢ ናብቲ ከባቢ ስለ ዝወፈረ፡ ከም ኩለን ካብ ሰሜናዊ ባሕሪ ዘዝለቓ ክፍልታት ውድብ፡ ዕቃበ ብረት'ውን ኣብኡ ናብ ምለዛናይ፡ ኣግማሉም ናብ ገርገር ከም ዝሰገሩ፣ ብፍላይ ድሕሪ ተ.ሓ.ኤ. ካብ ሜዳ ኤርትራ ምእላያ እውን ማእከላይ ቦታ ምለዛናይ ገይራ ኣብ ደናጉልን ገርገርን ጉናጉዲ መኸዚ ኣጸዋር ከም ዙዳለወት፣ ምስ ጸቕጥን ብዝሒ ተጻብኦ ጸላእን ካብ ምለዛናይ ናብ ገርገር ብምውራድ፡ ልዕሊ 16 ምስጡር ትሕተ ባይታዊ መኸዚ ከም ዝሰርሐት፣ ብኣጠቓላሊ፡ ዕቃበ ብረት ድሕሪ መስመር ልዕሊ 80 ጉናጉዲ ከም ዝነበሩዎን፡ ዝኾኑት ኣብ ድሕሪ መስመር ትንቀሳቐስ ኣሃዱ ህዝባዊ ግንባር ተተኲሲ ጸይራ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ክትጉዓዝ ዘገድድ ምኽንያት ከምዘይነበረ ተገሊጹ፡፡ መቐጸልታ ናቱ እንሆ፡*

ኣባላት ክፍሊ ዕቃበ ብረት ድሕሪ መስመር ጸላኢ፡ ኣብ ምስራሕ ህንጻ ትሕተ ባይታዊ መኸዘታት ተከፊትን ተተከፊትን ፍሉይ ተመኩሮ ነይሩዎም፡፡ ዶክተር የሴፍ ሰዩም፡ ብ1982 ጸላኢ ናብ ደቡብ ምስ ወፈረ፡ ሰብዓን ሓሙሽተን ጽዕነት ኣግማል መድሃኒት ንምሕባእ (ንምቕባር)፡ ሓገዝ ናይቶም ፍሉይ ተመኩሮ ዘበሮም ኣባላት ዕቃበ ብረት ሓቲቱ፡፡ ኣሰገደ ዝርከቦም ኣባላት ዕቃበ ብረት'ውን ከይዶም፡፡ ኣባላት ዕቃበ ብረት፡ ምስ ገለ ኣባላት ሕክምና ብምኳን ብሊዩቲ ቀብሮሞ፡፡ ጸላኢ ወፈራ ዳህሳሱ ወዲኡ ናብ መጥበሱ ምስ ተመልሰ ድማ፡ እቲ መድሃኒት ካብ ጉድጓዱ ወጺኡ ኣብ ኣገልግሎት ክውዕል ነይሩዎ፡፡ ሓደ ካብቶም ኣብ ምቕባር ናይ'ቲ መድሃኒታት ዝተሳተፈ ኣባል ሕክምና፡ ጉልበት ሰብ ሓዚ ነቲ መድሃኒት ክወስድ ብሊዩቲ ከይዱ፡፡ ግን ነታ ቦታ ክረኽብ ኣይከኣለን፡፡ ካልኣይ ሊዩቲ ከይዱ፣ ሕጂ'ውን ቀቢጹ፡፡ ኣብ መወዳእታ፡ ሕክምና፡ ካብቶም ዝቐበሩ ኣባላት ኢምዳድ መጺኦም ኩዓልዩዎም ሓገዝ ሓቲቶም፡፡ ብጻይ ኣሰገደ (ኣባል ኢምዳድ) ተላኢኹ ቀጥታ ረኺቡ ንብረቶም ከም ዝወሰዱ ገይሩ፡፡ ኣሰገደ ተኽላይ ሓደ ካብቶም መስተውዓልትን ትኩራትን ብጾትና ስለ ዝነበረ፡ ንሓደ ትኩር ገመልና "ኣሰገደ" ዝብል መጸውዒ ሂብናዮ፡፡

ገለ ካብ ኣባላት ዕቃበ ብረት መስርዕ ሰሜን፡ "ናይ ዝብኢ ባህርያት ዘማዕበሉ ብጾት ኣለዉና፡" ኢላ ትጨርቕ ነይራ፡፡ እቶም ናይ ዝብኢ ጠባይ ኣማዕቢሎም እናተባህሉ ዝጭረቑሎም ሰባት፡ ነቲ ብሊዩቲ ዝሓብኡዎ (ዝቐበሩዎ) ኣጽዋር፡ ብዝኾነ ቕትሪ ደልዮም ምስ ቀበጹ፡ ኣብ ሰዓታት ሊዩቲ ተመሊሶም ይረኽቡዎን ይሰልጥዎን ስለ ዝነበረ እዩ፡፡ ኣባላት ኢምዳድ፡ ኣብ ምቕባርን ካብ ዝቐበሩዎ ጉናጉዲ ኣውጺኦም ሰራዊት ንምዕጣቕን ብሊዩቲ ጥራይ ስለ ዝሰርሑ ዝበሩ፡ ነቲ ቦታ ብቐትሪ እንተተመለሰሞ ግር ይብሎም፡ ሓደሓደ ግዜ ድማ ጠሪሹ ይጠፍኦም ነይሩ፡፡

ዳርጋ ኩላተን ኣሃዱታትን ክፍልታትን ህዝባዊ ግንባር፡ ነፍሲ ወከፍ ኣሃዱ ወይ ክፍሊ፡ በቲ ከጠቕአን በቲ እተካይዶ ፍሉይ ንጥፈታትን እናተጸልወት፡ ብመጠኑ ናይ ገዛእ ርእሳ ፍሉይ መለለዪ ጠባይን ባህርን ከም ዘማዕበለት ተንጸባርቐካ እያ፡፡ ኣብ መሳርዕ ክፍሊ ዕቃበ ብረት ድሕሪ መስመር ጸላኢ'ውን ከምኡ ነይሩ፡፡ ኣብ ካልእ ኣሃዱታት ዘይትረኸቦ ፍሉይነታት ነይሩወን፡፡ ሓደ ካብኡ ምስ እንስሳታት ኣግማል ተማሲራቱ ዝነበረ ምትእስሳር እዩ፡፡ ኣባላት ኢምዳድ ኣብ ልዕሊ ኣግማሎም ልዑል ክንክን እዮም ዝገብሩ፡፡ ነፍሲ ወከፍ ገመል ዓቕሙ፡ ጠባዩ፡ ድኽሙን እወታን ጎድንታቱ ኣዳቒቖም እዮም ዝፈልጡዎም፡፡

ኢምዳድ መስርዕ ሰሜን፡ ሸሞንተ ኣግማል ነይሮሞ፡፡ ነፍሲ ወከፍ ድማ ብመጸውዒ ኣሰማት ሰብ ይጽዋዕ ነይሩ፡፡ ንጉብዘና፡ ቅርጺ፡ ባህርን ጠባያትን ኣባላት ኢምዳድ ብምውካል ዝተዓደለ ኣሰማት እዩ፡፡ ዳዊት፡ ወዲ ቐሺ፡ መስመር፡ ታክሲ፡ ኑር... እና ተባሂሉ ይጽውዑ ነይሮም፡፡ ዳዊት ዝበሃል ገመል፡ ብስም ዳዊት ባይሩ (ወዲ ተካሊተን) ዝጽዋዕ ኮይኑ፡ ኣዝዩ ሓያልን ብርቱዕን ከቢድ ጽዕነት ዝስከም፡ ብሸላቶም ኣግማል ተፈራሒ ነይሩ፡፡ ከም ልሙድ፡ ብሕሳል (ገመድ) ኣፍን ጭራን ተኣሳሲሮምን ተመራሪሖምን ክኸዱ ከለዉ፡ ንሱ ፈሪሖም ምእንቲ ክሰጉሙ፡ ዳዊት ብድሕሪት ከም ዝስራዕ ይግበር ነይሩ፡፡ "ታክሲ" ዝተባህለ ገመል ድማ፡ ከም መራሕ መንገዲ ኮይኑ ኣብ ቅድሚት ይሰርዕ፡፡ ኣባላት መንገዲ ምስ ዝደናገሩ፡ ወይ ምስ ዝጠፍኦም፡ ንሕሳሉ (መወጠጢኡ) ፈቲሖም ኣብ ክሳድ ናይ'ቲ ገመል ይጥቕልሉዎ፡፡ እዚ እንተገይሮምሉ፡ ታክሲ (ገመል) ምርሓና ማለት ምኳና ይርድኦ እዩ፡፡ እንተደኣ ብኣድ ናይ ምርሓና ምልክት ገይሮምሉ፡ ቀጥታ ተረዲኡ፡ ናብቲ ክቕበር ከሎ ዘበጽሖ ዝጸረቶ ኣጽዋር መሪሑ ብምኻድ፡ ልክዕ ኣብታ ቦታ ምስ በጽሐ ደው ይብል፡፡

እዚ "ታክሲ" ዝተባህለ ገመል፡ ብ1986 ዓ/ም ካብ ኣባላት ዕቃበ ብረት ገርገር ጠፊኡ ንኣባላት ላዕልን ታሕትን ኣብሊዑዎም፡፡ ኣባላት፡ "እዚ ገመል'ዚ ምጥፋእ ማለት፡ ኣጽዋርና ንሓደጋ ምቅላዕ ማለት'ዩ" እናበሉ፡ ካብ ከበኦም ጀሚሮም ክሳብ ቀይሕ ጊፍ ደልዮም ሰኢኖሞ፡፡ ኣብ ምድላይ እንከለዉ፡ ሓደ ኩምራ ቃንጫ ዝተጻዕነ ገመል፡ ዓዕ! እናበለ ምስ ጸዓኑ ክተሃላለኽ ካብ ማዕዶ ርእዮሞ፡፡ እቲ ጉርሒ ብሕሳሉ ክስሕቦ እቲ ገመል ደው ኢሉ ኣይከይደን ዘስምዕ ምጉዮር እናሰምዐ ካብ ማዕዶ ደው ኢሉ ተዓዚቦሞ፡፡ ኣባላት ኢምዳድ፡ "እንታይ ኮይኑ'ዚ ገመል ምኻድ ኣበዩዎ" እናበሉ ቀሪቦም እንተረኣዩዎ፡ ብዓል ዕላመት ኩናት ኮይኑ ጸኒሑ፡፡ ዕላመት (መፍለዩ ምልክት) ኣግማል ኢምዳድ፡ ኩናት እዩ ነይሩ፡፡ በቲ ጽዕነት ቃንጫ ተሸፊኑ ስለ ዝነበረ፡ እቶም ኣባላት "ታክሲ" ገመሎም ምኻኑ ካብ ማዕዶ ምልላይ ስኢኖሞ ጸኒሖም፡፡

እቲ ጸዓኑ ዝጸንሐ ጉራይ፡ ነቲ ገመል ሰሪቑ ቀትሪ ቀትሪ ኣብ ግራቱ እናሓተበ፡ ለይቲ ለይቲ ዝተዓጽደ ቃንጫ ጸዒኑ ከመላልሰ ጸኒሑዎም፡፡ ታክሲ፡ ኣብታ እናኖረ ምኻድ ዝኣበየላ ግዜ፡ ቀዲሙ ንዋናታቱ (ንኣባላት ዕቃበ ብረት ገርገር) ርእዩ ስለ ዘላለዮም'ዩ ድማ፡ እናኸበረ ኣብዚ ኣለኹ ዝዓይኑ፡ ብምጉዮር ክጠርዕ ዝጀመረ፡፡

ኣባላት ኢምዳድ ድሕሪ መስመር፡ ኣብ ነዊሕ ተመኩሮኦም፡ እንስሳታት፡ ኣብ ገለ ሸነኻቶም ካብ ናይ ሰብ ዝበልጽ ብልሒ ከም ዘሎ ኣስተውዒሎም፡፡ እቶም ኣብ ሰሜናዊ ባሕሪ ዝነበሩ ኣባላት ንኣብነት፡ ኣብ ግዜ ጸልማት ወይ ግዜ ግመ፡ መንገዲ ግዙብ ኢሉ ጠፊኡዎም ክዕወት ኸለዉ፡ ብመስመርን ደያንን ዝበዝሉ ኣግማሎም ተመሪሖም ኣብቲ ዝደልዩዎ ቦታ ይበጽሑ ነይሮም፡፡

ስውእ መስመር ጉብረዝጊ ኣዝዩ ትኩር፡ ሓንሳብ ንዝሓለፉ መንገድን ዝርኣያ ቦታን ፈጺሙ ዘይርስዕ መስተውዓሊ ተጋዳላይ ነይሩ፡፡ እዚ "መስመር" ዝብል መጸውዒ ዝወሰደ ገመል'ውን በሊሕን ንዋናታቱ ዝርዳእን ገመል'ዩ ነይሩ፡፡ ብኸምዚ ምኽንያት፡ ብስም'ቲ ትኩርን መስተውዓልን ስውእ ተጋዳላይ ይጽዋዕ ነይሩ፡፡

ንታክሲን መስመርን ጥራይ ደኣ ከም ኣብነት ተጠቒስናዮም'ምበር፡ ዳርጋ ኩላቶም ኣግማል ክፍሊ ዕቃበ ብረት ድሕሪ መስመር ጸላኢ ከምኡ ዓይነት ባህሪ ነይሩዎም፡፡ ጭሩም ዝተባህለ ኣብ ምዕራብ፣ ኣውለዕ ኣብ ደቡብ... ደንቂ ዋናታቶም ዝርድኡን ቅልጡፍ ግብረ መልሲ ዝህቡን ኣግማል ነይሮምና፡፡ ብሓፈሻ፡ ሙብዝሑቶም ኣግማል ዕቃበ ብረት'ውን፡ ዳርጋ ንኹሉ'ቲ ዕለታዊ ዝዘውተር መኣዝዚ ቃላት ይፈልጡዎ እዮም፡፡ ንዑ፡ ከድ፡ ኣብሩኽ፡... ዝበዝሑ ቃላት፡ ልክዕ ከም ሰብ ተረዲኦምዎም ቅልጡፍ ተግባር (action) ይህቡሉ ነይሮም፡፡

ጭሩም፡ ካብቲ ብዙሕ ኣገራሚ ተግባሩ ሓንቲ ኣብነት ንምጥቃስ፡ ኣብ ምዕራብ ከባቢ ሻካ ማይጠል (ጉዛ መብረህቲ) ዝተሃንጸት ትሕተ ባይታዊ መኸዚ ኣጽዋር ነይራ፡፡ ክልተ ኣባላት ኢምዳድ ከኣ ካብኣ ተተኳሲ ኣውጺኦም ክጽዕኑ ተላኢኾም፡፡ ኣብቲ ኸባቢ ምስ በጽሑ ግን ነታ ትሕተ ባይታዊ መኸዚት ክረኽብዋ ኣይከኣሉን፡፡ ምስ ቀበጹ፡ ሓደ ሓሳብ ሓሲቦም፡፡ ካብቶም ኣብታ ጉድጓድ ኣጽዋር ክቕበር እንከሎ ተጻዒናም ናብቲ ቦታ ዝኣተወ ኣግማል፡ ንሓደ ዝበልሐ ገመል (ንጭሩም) ኣምሪሖም ናብቲ ቦታ ተመሊሶም፡፡ ጭሩም፡ ከይዱ-ኸይዱ፡ ኣብታ ትድለ ቦታ ምስ በጽሐ ደው በለ'ሞ፡ ኣብታ ደው ዝበላ ቦታ ኩዒቶም ንብረቶም ረኺቦም ጽዒኖም ተመልሱ፡፡

ብሓፈሻ፡ ኣባላት ኢምዳድ (ዕቃበ ብረት) ድሕሪ መስመር ጸላኢ፡ ኣግማሎም ሓዚኦም፡ ዘመን ኣምጽኦ መሐበሪ ኣንፈትን ርሕቀትን ቦታታት (ጂፒኤስን ካርታን) ምዕጣቕ ዘገድሶም ኣይነበረን ኩበዝል ይከኣል፡፡ ሓንቲ ግዜ ኣግማሎም ንዝሓለፉዎ ምስጢራዊ ቦታ ይኸሩ መንገዲ፡ እንተኸፍኡዎም ኣግማሎም ኣምሪሖም ክበጽሑዎን ክረኽቡዎን ጸገም ዝበሃል ኣይነበሮምን፡፡

ኣግማል ኢምዳድ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ከም መጻዓኛ ኮይኖም ዝህቡዎ ገድላዊ ኣገልግሎት፡ ከምዚ ልዕል ኢሉ ዝተጠቕሰ ኣበርክቶት ተወሳኺ ኣገልግሎት ይህቡ ስለ ዝነበሩ፡ ኣባላት ኢምዳድ ኣብ ኣግማሎም ልዑል ፍቕሪ ነይሩዎም፡፡ ከይጠምዩዎም፡ ከይሓሙዎም፡ ከይቀስሉዎምን ካልእን ኣዘዮም ጥቡቕ ምክትታል ይገብሩሎም ነይሮም፡፡ ምሉእ ጥዕናን ጉልበትን ምእንቲ ክውንኑ፡ ካብቲ ባዕላ እታ ኣሃዱ ዘራኣ ትሓፍሶ ዝነበረት ምህርቲ ሰሊጥ፡ ካብ ሺያጡ ብዙተረኽበ ገንዘቡ፡ መሽላ ገዚኣ ትምግቦም፡ ግሉት ዘይቲ ስምስም ትቕርበሎምን ነይራ፡፡

ኣግማል ኢምዳድ፡ ዘይ ከም ናይ ካልኦት ኣሃዱታት፡ ብገሶት ዘይኮነ ብኣባላት እዮም ዝሕለዉ፡፡ ንዚያዳ ክንክንን ባህርያቶም ንምጽናዕን ብዓቢኡ ኸኣ ምስጢር ስራሖም ንኸይቃላዕ ምእንቲ፡ ኣባላት ባዕላቶም እዮም ዝጓስዩዎም ነይሮም፡፡ እቶም ኣግማል ድማ ዋናታቶም ንዘገብርዎ ምድላዋትን ምንቅስቓስን ኣስተብሂሎም፡ ኣብዩ ይጉዓዙ ከም ዘለዉ ፈሊጦም፡ ድምጺ ዝበሃል ኣይገብሩን፡፡ ንምስጢራዊ ስራሕ ዋናታቶም ድማ ብዓጸፌታ የቃልሉዎምን የሳልጡዎምን ነይሮም፡፡ ሌተናል ኮሎኔል ዳዊት ባይሩ፡ ንኣገልግሎት ኣግማል ኣብ ዕቃበ ብረት ኣመልኪቱ ክገልጾም ከሎ፡ "ገመል፡ ቅድሚ መንግስቲ ኤርትራ፡ ወግዓዊ ኣርማ ክኸውን ምውሳኑ፡ ኣርማ ኢምዳድና እዩ ነይሩ" ይብል፡፡

ኣግማል ጸቢቕ ምውዳን ጽዕነት እንተደኣ ገይርካሎም ክሳብ ትሸዓተ ሽሕ ጥይት ከሸሸን ተሰኪሞም ካብን ናብን ርሑቕ ቦታታት ክጉዓዙ ይኽእሉ፡፡ ኣብ ኣኪያይዳኦም'ውን ህዱኣትን ትሑታትን እዮም፡፡ መጻዕኛ ኣድገ'ቐሊ ኣራግጺ ኣእጋረን ኩነ ብዘይቡርኦ ናይ ምህላል ድምጺ ኣብ ምስጢራውነት ንገመል ዝዳረጋ ኣይኮናን፡፡ መራግጺ ገመል ጸፊሕን ልስሉስን ስለ ዝኾነ፡ ኣሰር ኣይገድፍን ድምጺ'ውን ኣየውጽእን፡፡ ርጋጽ ኣሰር ገመል ቀልጢፉ'ዩ ዝሃስስ፡፡ ኣድጊ ዝርግጾ መሬት ግን፡ እቲ ኣሰር ንነዊሕ ግዜ ከይጠፍአ ስለ ዝጸንሕ፡ ኣብ ከምዚ ናይ ዕቃበ ብረት ስራሕ፡ ኣግራጺ እንተዘይተሳኢኑ ኣድጊ ኣይምረጽን እዩ፡፡

ሓደ ለይቲ፡ ስውኣት ጎይትኦም ተኽለን (ብርጣኒያ)፡ ኤልያስ ስብሃትልኣብን (ወዲ ቐሺ)፡ ኣድጊ ሒዞም ካብ ሓንቲ ኣጽዋር ዝተቐበረለን ጉናጉዲ ብረት ከምጽኡ ኸይዶም፡፡ እቲ ኣድጊ ጽጋብ ስለ ዝነበረ፡ እና ሃለለ፡ ብኣፉን ብመቐመጫኡን ብዙሕ ድምጺ እናገበረ ምእዳብ ኣብዩዎም፡፡ ካብኡ ሓሊፉ፡ ንብርጣኒያ ነዲሑ ብደንደስ ኣጽዲፉዎ፡፡ ብርጣኒያ ሕርቃኑ ክቆጻጸሮ ኣይከኣለን፣ ካብ ዝወደቐ ተንሲኡ፡ ነቲ ኣድጊ ክዘርጦ ወጠጥ ኢሉ፡፡ ወዲ ቐሺ እናተዋዘየ፡ "ኣይፋልካን ብጻይ ብርጣኒያ! ካብዚ ኣድጊ ንሸኻ ትልብም!" ኢሉ፡ ነቲ ኣድጊ ኣገላጊሉዎ፡፡ እዚ ሓደ ካብቲ ኣባላት ዕቃበ ብረት ድሕሪ መስመር ጸላኢ ዘሕለፉዎ ዝነበሩ ዘይርሳዕ ገድላዊ ህይወት እዩ፡፡ ብዓል ወዲ ቐሺ፡ ሽዑ ናይ መጻዕኛ ጸገም ስለ ዘጋጠሞም እምበር፡ ኣብቲ ምስጢራዊ ስራሖም ኣድጊ ይጥቀሙ ኣይነበሩን፡፡

ይቕጽል

ማ/ምርምርን ሰነድን

ቤ/ጽ ሓለቓ ጠ/ስታፍ






# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ለምለም ተስፋልደት ተድላ፡ ሓውና ኣሲያስ ተስፋልደት ተድላ ስለዝዋረሬ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይን ምስ 23 ተተካእቲ ደቆም ናይ መውትቲ ኣሕዋተይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ 9ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ተኽለ ጉብረዝጊ ፍሩ ዓባይና ለተርፍኤል ዑቕባክርስቶስ ስለዝዋረረፊት፡ ንሕና ተካእቲ ናይ 2 ደቃ 8 ደቂ ደቃ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት የማና ተስፋይ እዝዮዝጽ፡ ተኸሳሲ ፊልሞን መብራህቱ ጉብረጻድቕ፡ ብዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባልትካ ስለዘሎ፡ ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍለጥ።

ከሳሲት መኣዛ ሰባህቱ ባይሩ፡ ተኸሳሲ ሳሚኤል በርሀት ጎይትኦም፡ ብዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባልትካ ስለ ዘሎ፡ ን11/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረብ፡ እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍለጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ኣሶማይት በየን ኣርኣያ፡ ወከል ተኽለኣብ ወ/ጊዮርጊስ ዘወልዱ፡ ሓፍትና ጺጋ በየን ኣርኣያ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ መዋቲት ሓፍትየ ምስ 3 ተተካእቲ ደቃ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ኤልሚክ ዳዊት በየ፡ ወለደይ ዳዊት በየነ መብራህቶምን ስለማዊት ክፍለማርያም ረዳእን ካብ ሃገር ምስ ወጹ ደሃይ ስለ ዘይብሎ፡ ጥፉኣት ተባሂሎም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ተጻዋዕቲ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከልክም ቅረቡ፡፡ እንተዘይ ቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ክፍለጥ።

ወ/ሮ ሃጎሱ መንግስቱ ወልደጊዮርጊስ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ኣማኑኤል ጸጋይ ሓንጣል፡ ውላደይ ኮይኑ ንኣስታት 11 ዓመት ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ጥፉእ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለት፣ ተጸዋዒ ን2/11/26 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ቅረብ፡ እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍለጥ።

ለተክርስቶስ ወ/ሃይማኖት ደርዕ ምግል ተረፉ፡ ለተክርስቶስ ወ/ሃይማኖት ወርዕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓብዱራሕማን ኑር ኣሕመድ ማሕሙድ ምግል ተረፉ፡ ዓብዱራሕማን ሓመድኑር ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ኣቶ ማና መድህን ማና ምግል ተረፉ፡ ማና መዲን ማና ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ፍረወይኒ ሳህለ ተሎ፡ ብዓልቤተይ ሃብቶም ተስፋይ ሃይለ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ጎይተኦም ዑቕበ ሻንጉል፡ ወለድና ዑቕበ ሻንጉል ንገሰን ለምለም መርእድ ተስፋሚካኤልን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ቅሳነት ጉብረእግዚኣብሄር ክፍሉ፡ ተኸሳሲ ከስተ ሞገኢ ግርማጸዮን፡ ብዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባልትካ ስለ ዘሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍለጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ትብለጽ ወልደጊዮርጊስ ተስፋዝጊ፡ ብዓልቤተይ ኣጽብሃ ሃብተሚካኤል ወልደትሳኤ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት በለጸት ጨዓይ ሃብቱ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ነጋሲ ጉብረማርያም ተስፋጊዮርጊስ፡ ብዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባልትካ ስለ ዘሎ፡ ን6/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍለጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ከሳሲት ኣልማዝ ዝበልኡል፡ ተኸሳሲ ኣሮን ተስፋጉብረል ተስፋይ፡ ብዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል 28/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍለጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ሰንዓፈ

ከሳሲት ርግኣት ጉብረማርያት ተስፋ፡ ተኸሳሲ ተስፋኣለም ጉብረመድህን ተስፋይ፡ ብዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል 2/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍለጥ።

ጸጋይ በርሀ መለሱ ወላዲየይ በርሀ መለስ ተከኤ ስለዝዋረረ፡ ኣብ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ንብረት ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተስፉ ጉብረሚካኤል ጉብረእግዚኣብሄር ምግል ተረፉ፡ ተስፉ ጉብረሚካኤል ጉብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓዲ ቐይሕ

ኣቶ ሳሚኤል ከፈለ ወልደሚካኤል፡ ወለድና ከፈለ ወልደሚካኤልን ከበደሽ በርሀ ተወልደን ስለዝዋረሩ፡ ኣብ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ንብረት ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ያቆብ ክንፈ ፍስሃጽ ምግል ተረፉ፡ ናህም ክንፈ ፍስሃጽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ቅሳነት ጉብረማርያም ተስፋሚካኤል፡ ብዓልቤተይ ተስፈት ሞኮንን በርሀ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መርሃዊት መሓሪ በራኺ ምግል ተረፉ፡ መርሃዊት ተኽሊት ዛይድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይምነ

ካድራ ኣማን ኣብራር ምግል ተረፉ፡ ከርያ ኣማን ኣብራር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሂወት ግርማይ ንገሰ ምግል ተረፉ፡ ዲናር ግርማይ ንገሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሉታይ ተስፋይ ትኩእ ምግል ተረፉ፡ ናዝሬት ተስፋይ ትኩእ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ኣሲያ ዐሰማን ኣደም ምግል ተረፉ፡ ኣሲያ መሓመድዐሰማን ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቖርደት

ሓምድ ኣደም ሳልሕ፡ ስም ኣደይ ፋጥና ሓምድ መሓመድ ምግል ተረፉ፡ ሓሊማ ሓምድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ከሳሲት ርግኣት ካሕሳይ ኣብርሃ፡ ተኸሳሲ ኣስመላሽ ማስፉን ኣርኣያ፡ ናይ ቤት ፍርዲ ቆጸራ ስለዘሎ፡ ን9/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክውሰን ምዃኑ ክፍለጥ።

ነቢል መሓመድ ሸሪፍ፡ ኣቦይ መሓመድ ሸሪፍ ያሲን ኣብ ጋሽባርካ ሞጎሎ ዝበሃል ቦታ ዝቕመጥ ዝነበረ ካብ 2000 ዓም ን26 ዓመት ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ጥፉእ ተባሂሉ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ትርሓስ ኣጽብሃ ጉብረኪዳን፡ ወለድና ኣጽብሃ ጉብረኪዳን ግብረቱን ዘውዲ ባህሆ ወልደኣብዘጊን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ከተማ ጸጋይ በራኺ፡ ብዓልቤተይ የውሃንስ ክፍለማርያም ሃጎስ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ውዳሴ ኣስፍሃ ተስፋዝጊ ምግል ተረፉ፡ ውዳሴ ኣስፍሃ ተስፋጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓቢት ሳልሕ ዓብደላ ምግል ተረፉ፡ ዓብር ሳልሕ ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣሰሊ ሰሌማን ደጊለ ምግል ተረፉ፡ ዓሻ ሰሌማን ደጊለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሑሴን ዒሱ ኣጋር፡ ስም ወላዲተይ ወ/ሮ ሃዋ ኢብበ ምግል ተረፉ፡ ሃዋ ዒሊ ዲሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣኽበረት ጸጋዝኣብ ተኸስተ፡ ብዓልቤተይ የናስ መብራህቱ ሃብቱ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣብ መበል 95 ዓመቱ ዝዋረረ ኣዚና ንፈትዎ ክቡር ኣቦና ኣቶ ነጋሽ ኣስፍሃ ኣደለሉ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማሙ ተመላለስኩም ዘበጻሕኩም፡ ምስ ዓረፈ ናብ ዓመጺ ብምኻድ ብዕለት 4/10/2026 ብልዑል ክብሪ ዘቃበርኩምናን ብኣካል ኣብ ሓዘን ተመላለስኩምን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ኩሉኹም፡ ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና ክብሪ ይሃብልና እናበልና ሓዘንና ከም ዝዓጸና ንገልጽ።

ብዓልቲ-ቤቶም ወ/ሮ ትብለጽ ተስፋይ ምስ ምሉኣት ስድራቤት

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዚና እተፍቅራ ኣዴና ወ/ሮ ኣበባ ተኽሉ ብርሃ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ሓዙሓዝ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምና ቤተሰብን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከም ዝዓጸና ንገልጽ።

ደቃ ምስ ምሉኣት ቤተሰብ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

**Vacancy Announcement**

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Maintenance Fitter** |
| **Number required** | **2** |
| **Location:** | Based at Koka Gold Mine (Site) Eritrea |
| **Reporting to:** | Maintenance Supervisor/Superintendent |
| **Primary Responsibility** | Mechanical fitter provides detailed inspection, troubleshooting, oversight, and diagnosis of operational problems in plant and distribution systems including boilers, heat exchangers, chillers, pumps, compressors, crushers and piping systems including expansion joints, valves, supports, and anchors. |

**Duties:**

- Installation, Fault Finding and Replacement of Machinery & Equipment in area of responsibility - ensuring that both Company and Vendor Safety and Quality standards are adhered to, whilst ensuring minimum disruption to the Process Plant Operation or Production.
- Provide maintenance support for process equipment including crushers, screens, conveyors, pumps, grinding mills, hydro cyclones, pre-leach Thickeners, CIL Agitators, Reagent mixers, Stripping and gold rooms equipment, CCD thickeners and pressure filters to maintain optimum performance
- Provide mentorship and skills transfer for trainees and apprentices
- Carry out routine and preventative maintenance, e.g., greasing/lubrication
- Carry out repairs and/or modifications to the plant components, including potential small fabrication work.
- Always keep equipment and tools in a good condition
- Access martials/parts required to repair or fixing
- Appropriate use of all plant and equipment to minimize downtime
- Carry out break down repairs in the plant as well as the workshop as instructed by supervisor
- Carry out repairs as to the CMMS (Computerized maintenance management system) and follow the maintenance system as they are directed
- Read drawings, work orders and production schedules to determine product or job instructions and specifications
- Set up and operate hand and power tools common to the mechanical maintenance
- Monitoring equipment condition and escalating issues to prevent further deterioration
- Environmental performance and good housekeeping. Specifically:
- To take reasonable care for the health and safety of himself /herself and that of other persons who may be affected by his/her acts or omissions
- To report to his/him immediate manager any hazard which may be discovered at, or in the vicinity of the place of work.
- To maintain high standards of environmental performance in compliance with operational requirements.
- Perform Fault Analysis / Fault Finding / Root Cause Analysis in order to Eliminate Re-Occurrences of Repetitive Faults and improve Process Efficiency and Equipment
- An Understanding of the Operating Narratives of the Processing Plant in relation to the Machinery & Equipment installed and ability to Operate / Configure / Set-Up installed Machinery & Equipment
- Adherence to the Company Planned and Preventative Maintenance Schedules in Area of Responsibility and Procedures.
- Execute all Machinery & Equipment Maintenance Schedules in area of Responsibility and focus on effective Communication with respect to Maintenance Works Orders and keep Back Log to the Minimum.
- Keeping Record / Compile of all Machinery & Equipment Log Sheets in Area of Responsibility and Provide Adequate / End of Shift Feedback to Direct Line Managers.
- Ensure the Correct and Safe Usage of all Workshop Tools and PPE. Apply and Practice Correct and Safe Working / Operating Principles and Standards during all Machinery & Equipment Maintenance Tasks and Comply / Adhere to all Safe Working / Operating Procedures.
- Be a Team player in the Mechanical Engineering Section and Comply with all KPIs, Health and Safety Requirements.
- Liaise with Senior Supervisors (Mechanical), Engineering Supervisors, Planned Maintenance Officers, Electrical, Instrumentation & Control Systems Specialists to provide a Full Range of Fitting Services / Support to Production, Processing Team, other Engineering Teams.
- Ability to Setup, Calibrate and Maintain a wide variety of the latest Machinery & Equipment related to Processing Plants.
- Conduct Shiftily or Regular Inspection of the Plant to gather fresh information as basis in creating Work Schedules with Preventative Measures in mind.

continued to paje 8

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

continued from page 7

- Through Effective Work Practices and OEM requirements to cultivate, nurture and foster an enabling and Continuous Improvement Climate / Culture in the Specific Allocated Mechanical Work in Area of Responsibility
- Adherence to the Call-Out / Breakdown Procedure - where all Major Equipment Failures are Reported immediately to the Engineering Supervisors and proper Feedback on the Progress of the Breakdown Task together with a proper auditable Root Cause Analysis.
- Ensure Adequate Record Keeping of all Company and Vendor related Documentation, when required by Direct Line Managers.
- Ensure that Good Work Ethics is sustained by Effectively Discipline with reference to Absenteeism, Lateness, Overtime, Misconduct, etc. within the section.
- Adhere to the Company's policies, rules, and regulation
- Other Duties, as per Instruction from Engineering Management and Mechanical Engineering Supervisors

| | |
|---|---|
| **Educational Qualification & Experience** | - Trade or vocational training certificate in mechanical fitting<br>- Trade certification Diploma in Mechanical Fitting.<br>- Degree in Mechanical Engineering an added advantage<br>- Minimum 10 years' experience in heavy industrial or mining environments.<br>- Proven ability to train and mentor others.<br>- Knowledge of CMMS as an added advantage |
| **Leadership Experience- Nature, Length of time** | • Liaise with internal and external stakeholders in a professional and courteous manner and provide advice where required.<br>• Familiarity with best practices in Workplace Health and Safety and Environmental procedures and legislation policies.<br>• Strong troubleshooting and problem-solving skills.<br>• Excellent communication and leadership abilities.<br>• High commitment to HSE standards. |
| **Other skill & abilities** | • strong troubleshooting and analytical skills.<br>• Ability to work independently in remote and harsh environments.<br>• Excellent communication and teamwork abilities.<br>• High attention to detail and commitment to safety.<br>• Physically fit and healthy.<br>• Strong communication and interpersonal skills.<br>• Team player<br>• Execute and deliver all work safely and to a high professional standard,<br>• Must be able to work and perform under pressure.<br>• Good verbal and written communication skills in English<br>• Flexibility to work outside of normal business hours if required.<br>• Must be able to work under minimum supervision.<br>• Perform any other duties as requested by your supervisor.<br>Knowledge of preventive maintenance, maintenance planning, and reliability engineering processes. |
| **Key Performance Indicators:** | ▪ Willing to undertake tasks requested by management outside the job description should the need arise |
| **Salary** | As per the Company scale |
| Additional Requirement for nationals: - Having fulfilled his/her National Service obligations and providing evidence of a release paper from the Ministry of Defence. Present Clearance paper from the current/last employer. Only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application documents will not be returned to the sender. | |
| Please mail your applications to the **ZARA MINING SHARE CO P. O. Box 2393. Asmara,** | |

**Note to Eritrean applicants**: - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs **P.O. Box 7940** Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management **P. O. Box 272**

Deadline for application: 10 days from the day of announcement.

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕላድ

ከሳሲት ወ/ሮ ዮውሃና ባዕሉ ጎይትኦም፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኤልያስ ኣስመሮም ፍስሓ፡ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ ነጋሲ መድሃኔ ህብትዝጊ፡ ናይ ተጸዋዒ ወላዲያይ ኣቶ መድሃኔ ህብትዝጊ፡ ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ጥፋእ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለ፡ ተጸዋዒ ን16/11/26 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ቅረብ። እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ይግባይ በሃሊ ኣቶ ብድሆ ወልደየሱስ ኣደም፡ መልሲ ወሃብቲ 1.ዓሻ መሓመድ ሳልሕ ሐሴን 2.ጀማል መሓመድ ሳልሕ 3. መና መሓመድ ሳልሕ ሐሴን ንዓኹም ዝምልከት ጉዳይ ስለዘሎ፡ መልሲ ወሃብቲ ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሩማና ዓብደላ ዓብደልዋስዕ ዓብደልወሃብ ምባል ተሪፉ፡ ሩማና ዓብደላ ዓብደልዋስዕ ዕመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዴና ምሕረት ተኽለሃይማኖት ዑቕባገርግሽ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ብዕለት 06/10/2026 ኣብ ዓደምዛሞት ዘቃበርኩምናን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ቤተሰብናን ፈተውትናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።

ውላዳ ኣለም ተፈሪ
ምስ ደቃን ምሉኣት ስድራቤትን

# ካብ ዞባታት

## ዝተመሓየሸ መምርሒ ምዘና ትምህርቲ፡ ንውርጹጽን ፍርያምን ገስጋስ ትምህርቲ

ገርገስ ፍቓድ
ዞባ ዓንሰባ

ዝኾነ ንጥፈትን ፍርያትን፡ ብቐዓቱን ልክዕነቱን ክረጋገጽ ብመጸሪ ሚዛን ክሓልፍን ክገምገምን ኣለዎ። ትምህርቲ'ውን ምስ'ቲ ብመንግስቲ ተዋሂብዎ ዘሎ ልዑል ኣቓልቦን ዝፈደ ዘሎ ዘይተገደበ ጻዕርን ምስ መድረኻዊ ኩነታት ብዝዛመድ ኣገባብ ብኣድማዕነት ክቕጽል፡ ንዚዩዳ ውጽኢታውነትን ብኸነት ንምውጋድን ብዕቱብ ክግምገምን ክምዘንን ኣገዳሲ እዩ።

ሚ/ሪ ትምህርቲ ክፍሊ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ጨንፈር ምዘናን ሃገራዊ መርመራን ብዕለት 13-14 ጥቅምቲ 2026 ኣብ ከተማ ከረን፡ ምስ ዝረጠበ መምርሒ ምዘና ትምህርቲ ናይ ምልላይን ንመስርሕ



መም/ ግርማኣለም ተኪአ

ኣተግባብራኡ ዝምልከት ኣገባብን ዝገልጽ ዓውደ-ዘተ ኣካይዱ። ኣብቲ ንኽልተ መዓልታት ብጾዕቂ ዝተኻየደ ስልጠናን ዘተን፡ ሓለፍቲ ትምህርቲ ንኡሳን ዞባታት፡ ሓለፍቲ ኣሃዱታት ጨንፈር ትምህርቲ ዞባን ሱፐርቫይዘራትን ተሳቲፎም ነይሮም። እዚ እዋናውን ኣገዳስን ስልጠና'ዚ ኣብ ኩለን ዞባታት ሃገርና ብተመሳሳሊ ኣገባብ ክምዝተዋህበ ይፍለጥ።

ትምህርቲ መሰረት ኩሉ ስልጣኔታትን ምዕባለን ደቂ ሰብ'ዩ። ወዲ ሰብ ምስ ተፈጥሮ ተሳኒዩ ባህርያዊ ጸጋታት ዓለም መዘውትሩ ኣብ ረብሓኡ ብምልዋጥ መነባብሮኡ ኣጣጢሑ ተኣኻቲ ወለዶታት ከውሕስ ዘኽእሎ ረቛሒ ትምህርቲ እዩ። ትምህርቲ ፍልጠት፡ ጥበብ፡ መሃዘት፡ ማሕበራ-ባህላዊ ክብርታትን እምንትን ንምድሳብ ዘኽእል መስርሕ እዩ። ብዘይ ትምህርቲ ዝመጽእ ውሑስ ንቕሓት፡ ዕብየት፡ ምዕባለን ብልጽግናን የለን። መንግስቲ ኤርትራ ንትምህርቲ ኣብ ናይ ቀዳምነታት ቀዳምነት ብምስራዑ ሎሚ ኣብ ኩለን ዓድታት ሃገርና ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ተኻኺዱ ኣብ ህጻናት፡ ህዝብን ሰራዊትን ኩሉ ዜጋ ብናጻ ዕድል ትምህርቲ ከምዝረኽብ ይግበር ኣሎ - ወፍሪ ኣብ ትምህርቲ ወፍሪ



ህንጻ ሃገር ስለዝኾነ። ናውቲ ትምህርቲ ከም ጥራውዝትን መጻሕፍትን ካልእ መሳለጥያታትን'ውን ብሰማዊ ክፍሊት ይዕደል ኣሎ። ምምስራትን ኣገልግሎትን ኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ቤ/ት ዋርሳይ ይካኣሎ፡ ኮለጃት... ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል።

ክሳብ እዋን ናጽነት ኣብ ዝነበረ መድረኽ፡ ኣብ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን ሃገርና ጥራይ ዝተሓጽረ፡ ብኣጸብቲ ዝቖጻር ኣብያተ ትምህርቲ ዝነበረ፡ ሎሚ ብማእታዊት'ውን ከተሳጻጸር ዘይከኣል ትምህርቲ ብዘይገደብ ኣብ ኩሉ ኩርንዓት ሃገርና ኣብ ከተማታትን ርሑቕ ገጠራትን፡ ኣብ ዓድታትን ቁሸታትን ተዘርጊሑ ኣሎ። ኣብ ምሉእ ዞባ ዓንሰባ ቅድሚ ናጽነት ሓንቲ ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ዝነበረት ኣብዚ እዋን'ዚ ልዕሊ 30 ኣብያተ ትምህርቲ 2ይ ደረጃ በጺሐን ምህላወን ጉሉሕ ኣብነትን መርኣያን ናይቲ ገስጋስ እዩ።

ከም ወድዓዊ ሓቂ ናይ ሓንቲ ሃገርን ህዝብን ደረጃ ምዕባለ ቀንዲ መለክዒ እቲ እትውንኖ ምህሩን ስልጡንን ሰብኣዊ ጸጋኣ እዩ። ስለዝኾነ ከኣ ኩለን ምዕቡላትን ኣብ ምምዕባል ዝርከባን ሃገራት ዓቕሚ ሰብን ምምዕባል ከም ቀዳምነት ሰሪዐን ብዕቱብ ይሰርሓሉ። ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ ዝተዓወታ ሃገራት ከኣ ወትሩ ልዕሊ መዛኑኣን ጸብለል ኢለን ደሪኣያን ይጥቀሳ። ምምዕባል ሰብኣዊ ጸጋ ልዕሊ ጸጋታት ባህርያዊ ትዕድልቲ'ዩ ዝሰርሑ፡ ኣኸሉ ዝዝርፍ ባህርያዊ ጸጋታት እናሃለወ ዚ ጸጋታት'ዚ ክምዝምዝን ኣብ ረብሓ ህዝበን ሃገርን ከውዕልን ዝኽእል ስልጡን ዓቕሚ-ሰብ እንተዘይሃልዩ ዋጋ የብሉን። ንኣብነት ኣብ ዓለምና ብትዕድልቲ ባህርያዊ ጸጋታት ኣብ ቀዳምነት እትስራዕ ኣፍሪቃዊት ሃገረ ዲ/ሪፓብሊክ ኮንጎ፡ ህዝባ ኣብ ዓለም ካብቶም ዝደኸዩን ኣብ ትሕቲ ማስመር ድኽነት ዝነብሩን ተባዚሉ ትጥቀስ። ብኣንጻሩ ከኣ ዝኾነ ክጥቀስ ዝኽእል ባህርያዊ ጸጋታት ዘይተዓደለት ኤስያዊት ሃገረ ሲንጋፖር ህዝባ ብደረጃ ዓለም ካብ ዝሃብተሙን ዝበልጸጉን ምዃኖም ይፍለጥ - ሳላ ትምህርቲ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ንትምህርቲ ሃገርና ብዝምልከት ብዛዕባ ኣብ ዝዘረበ ዕላላት ብዙሓት ወለድን ሕብረተሰብን "ትምህርቲ ደኺሙ፡ ተመሃሮና ሓሚቖም" ዝብል ስክፍታታት ይሰምዕ። ሓደ ተመሃራይ ማህደሩ ተኸልኪሉ ናውቲ ትምህርቲ ዓጢቑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ስለዝወፈረ ጥራይ ብቑዕን ዕዉትን ተመሃራይ ክኸውን ኣይክእልን። ትምህርቲ፡ ንቤት ትምህርትን መምህራንን ጥራይ ዝግደፍ ጾር ኣይኮነን። ኮማዊ ስራሕ ክሕዝ ይግባእ።

እቲ ኣብ ዓመተ ትምህርቲ 2004/2005 ዝተኣታተወ ተመሃራይ ዘማእከለ ሃገራዊ ስርዓተ ትምህርቲ ኣብ ውጽኢት ዝተመስረተ ኮይኑ (Outcome based learning) እቲ ናይ ገምጋምን ምዘናን ስርዓት'ውን ብዮዙበሪ ተለካዒ ክኸውን መምርሒ ይህብ። ነፍሲ ወከፍ ኣብ ውጽኢት ዝተመርኮሰ ገምጋም ብፍርዳዊ መለክዒታት ዝተሃጸረ ክኸውን፡ ግምጋማ ከኣ ከም ዘይንጸል ኣካል ንጥፈታት ትምህርቲ ኮይኑ ምስ ውጥን ትምህርቲ ክሰራዕ ኣለዎ። ምምሃር ምስትምሃር ተመሃሮ ሓዲሽ ክእለትን ባህርያትን ከጥርዩ ናይ ምሕጋዝ መስርሕ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ ሽቶኡ ከምዝወቕዐ ኣብ ተመሃሮ ብዝበጽሖ ለውጢ ከምዝለዓለ ንምፍላጥ ግድን ብዕቱብ ክግምገም ኣለዎ። ምኽንያቱ ብዘይ ገምጋምን ምዘናን ዝወሃበን ዝቕጽልን ትምህርቲ ውጽኢታውነትን ኣድማዕነትን የብሉን።

ምግምጋም ተገንዘቦኣዊ ዓቕሚ ተመሃራይ፡ ማለት ናይ ምዝካር፡ ምትርጓም፡ ምፍታሕ ግድል፡ ምስትውዓል፡ ምኽንያታውነት ምንጻርን ምዝማድን፡ ምትንታን፡ መሃዘት፡ ኣዕሚቑካ ብመጉታዊ ነቐፌታዊ ዓይኒ ምሕሳብ ... ዝኣመሰሉ ኣምራት ምምዛን እዩ። ሱፐርቫይዘር ከኣ ንዚዩዳ ምዕባለን ገስጋስን ትምህርቲ ከም ናይ መምህር ሓገዝ ደኣ'ምበር፡ ከም ፈታሺ ጌጋን ነቓፍን ክረአ ኣይግባእን።

ምዘና ኣብ መስርሕ ምምሃር ምስትምሃር ንመማዕበሊ ትምህርትን ፍርዲ ንምሃብን ዝሕግዝ ንጥፈት ምኻኑ ተኣሚኑ ክስርሓሉ ኣለዎ። ኣብ መስርሕ ትምህርቲ እቶም ተመሃራይ ንምምዛን ዝሕግዙ ረቛሒታት፡ ዕዮ ክፍሊ፡ ዕዮ ገዛ፡ ፈተና፡ ዕዮታት ፕሮጀክታት፡ ፈተናታትን ካልእ መርኣያታትን፡ ኣብ መወዳእታ ሰሚስተር ዝወሃቡ መርመራታትን ብዕቱብ ተታሒዞም ክምዘኑን ክፍረዱን ኣለዎም። በዚ መስርሓት'ዚ ሓሊፉ ከኣ ብመሰረት'ቲ ተሰሪዑ ዘሎ ገምጋሚ ናይ ምሕላፍን ምትራፍን መምዘኒ ነጥብታት፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓይነት ትምህርቲ ብዝተመዘነ ውጽኢት፡ ተመሃራይ ንዝቕጽል ክፍሊ ይሓልፍን ይተርፍን።

ኣብ ሚ/ሪ ትምህርቲ ሓላፊ ጨንፈር ምዘናን ሃገራዊ መርመራን መምህር ግርማኣለም ተኪኣ፡ እቲ ዝተዋህበ ስልጠናን መላለይን ምዘና (LAPG)፡ ንተመሃራይ ብኩለንትናኡ ንምምዛን ዝዋሃሃር መስርሕ ምምሃር ምስትምሃር ኮይኑ መቐጸልታ ናይቲ ካብ ቀደም ዝሰርሓሉ ዝነበረ፡ በብግዚኡ እናተመሓየሸ ብምምጻእ ናይ መወዳእታ መልክዑ ሒዙ መምርሒ ኮይኑ ምህላዉ ሓቢሩ። እዚ መምርሒ'ዚ ብስፊሕ ተሳቲፎ ኣካላት ሚ/ሪ ትምህርቲ ዝረጠበ ኮይኑ፡ እዙም ኣብ'ዚ ስልጠና ዝተሳተፉ እቲ መምርሒ ኣብ ኩለን ኣብያተ ትምህርትን መምህራንን ከምዝበጽሕ ክገብሩ ዝጸለመ እዩ። መምህር፡ ዓንዲ ማእከል መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ስለዝኾነ ተመሃሮ ንምምዛን፡ ብየዕም ሰለስተ ኣፅሉድ ንጥፈታት ናይ'ቲ መስርሕ ዝኾኑ ምድላው ውጥን፡ ኣብ ክፍሊ ምምሃርን ንዝመሃሮ ምምዛንን የተግብር። እቲ ምምዛን ከኣ ንመምህር ተመሃራይን ወላድን ክሳተፍ ይኽእል።

ሓላፊ ኣሃዱ ምዘና መምህር ትኩእ ኪዳነ "እዚ ዝተዋህበ ስልጠና ኣቓዲምና ክንሰርሓሉ ዝጸናሕና ኮይኑ፡ ካብ 2013 ጀሚርና ካብቲ ዝነበረ ልምዳዊ ወጺእና ብሓዲሽ ኣገባብ ተኸሊሱ ጸገም ተመሃራይ ተለልዩ ክሕገዙ ብዘኽእል ኣገባብ'ዩ ተጻልዩ ዘሎ። ኣብ'ዚ ተኣታትዩ ዘሎ ሓዲሽ ኣገባብ ድማ፡ ኣብ ደረጃ መባእታ ካብ 3ይ ክፍሊ ንታሕትን ልዕሊኡን ኣብ ሜላ ምሕላፍ ወይ ምትራፍ ኣብ ዓይነታት ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ፡ ሕሳብን እንግሊዝን ፍሉይ ኣተኩሮን ሚዛን ነጥብታትን ተዋሂቡ ኣሎ" ኢሉ።

ኣብ'ቲ ብመምህር ትኩእ ኪዳነ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ተሳተፍቲ ብጉጅለታትን ብሓባርን ኣብ ዝነበርዎ ዓሚቕ ዘተታት ምስ ግብራዊ ተመኩሮታቶም ብምዝማድ ብዙሕ ክትዓት፡ ሕቶታት፡ ርኢይቶታትን ለበዋታትን ቀሪቡ። ገለ ካብቲ ዝቐረበ ሓሳባት፡ ምጥቃም ሰብ-ሰርሖ ብልሓት (AI) ኣብ ዕዮታት ተመሃሮ ዘለዎ ጽልዋ ብልጫታቱን ድኽመታቱን፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ናይ ዘለዉ ዓይነት



መም/ ትኩእ ኪዳነ



መም/ ክፍላይ ዓንደሚካኤል

መምህራን ንቕሓትን ብቕዓትን፡ ምድላው ውጥን ትምህርቲ ሰማዊ ይኸውን ምህላዉ፤ ብቕዓትን ዕቱብነትን ሱፐርቫይዘራትና ክየቢ፤ ዘይብቑዕ ተመሃራይ ኣደናጊሩን ቀዲሑን ንኸይሓልፍ፡ ንጥፈታትን ዝዋሃሃር ገምጋምን ብዕቱብ ክትሓዝ፡ ኩነታት ክትትልን ርክብን ሱፐርቫይዘርን መምህርን፡ ሓላፍነት ምክትታል ብቕዓት ትምህርቲ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ፤ ምትብባዕ ብሉጻት መምህራን፡ ወዘተ ዝብሉን ካልኦትን ቀሪቦም።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ መምህር ክፍላይ ዓንደሚካኤል ኣብ መወዳእታ፡ ንስልጠንቲ ሰለቲ ዘርኣይዎ ተገዳስነትን ተሳትፎን ድሕሪ ምምስጋኑ "እዚ መምርሒ'ዚ፡ ተዓዊቱ ክንገብል እንተኾይኑ፡ ኣብ ከባቢ 700 ዝኾና ትካላት ትምህርቲ ዞባና ማለት - ኣብ 2ይ ደረጃ፡ ማእከላይ ደረጃን መባእታን ምጥፋእ መሃይምነት፡ ዓረየት፡ ምሸታዊ ትምህርትን ካልእን ተዘርጊሑ፡ ብዮዙበሪ ኣብ ባይታ ምስ ንሰርሓሉ እዩ" ኢሉ። መም/ ክፍላይ ኣሰዒቡ፡ ሱፐርቫይዘራትን ሓለፍቲ ኣብያተ ትምህርትን፡ ነቲ ኣብ ዓይነት መምህራን ዘሎ ብደሆታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ፖሊሲን መምርሕን ሚ/ሪ ትምህርቲ ኣብ ምትግባርን ኣብ ምዕዋትን ከም ወትሩ ጻዕርም ተወፋይነቶምን ከዕዝዙ ተላብዩ።



# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ንምንታይ ገለ ሰባት ብዙሕ ይዛረቡ፧

ኣብ ነዊሕ ናይ ኣውቶቡስ ጉዕዞ ዘረባ ጀሚሩ ዘየቋርጽ ሰብ ኣጋጢሙናዶ ይፈልጥ፧ ነዊሕን ኣሰልካይን ጉዕዞ ብጥዑም ዕላል ዘዛኒ ምጓዓዝቲ ምርካብ ምስ ጽቡቕ ዕድል እዩ ዝቑጸር። ስምዒታትካ ዘየንብብ፡ ደኺምካ ቀሩብ ቀም ከተብል ዘየፍቅድ፡ ብሕቶ ጦቕ ዝብል፡ ክትምልስ ዕድል ዘይህብ፡ ሓሳብካ ዘየወድእ፡ ንኹሉ ሓሳብካ ዝጻረርን ርእይቶ ዝህብን ... ምስ ዝኾነ መጓዓዝቲ ካብ ክትጓዓዝ ግን ነቲ ነዊሕ ጉዕዞ ብእግርኻ ክትምክቶ ይሓይሽ። ምዝራብ ሓደ ካብቲ ኣገዳሲ ክእለታት ሰብ እዩ። ሰብ ክዛረብ እንተ ዘይክእል፡ እዚ ተበጺሑ ዘሎ ምዕባለ ኣይምተበጽሐን ወይ ክብጻሕ ኣዝዩ ኣጸጋሚ ምኾነ። ኣብ ማሕበራዊ ዝምድና'ውን ካብቶም ዘይዛረቡ እቶም ዝዛረቡ ድሓን ዝኾነ ዝምድና ከም ዝሃንጹ እዩ ዝንገር። ይኹን እምበር ምዝራብ፡ ብፍላይ ብዙሕ ምዝራብ፡ ዝነኣድ ክእለት ኣይኮነን። ኣብ ሕብረተሰብና ቀልጢፎም ናይ ምዝራብን ቋንቋን ክእለት ዘማዕበሉ ቈልዑ 'መጸጽቲ' ብምባል ኣይተባብዑን እዮም። ልዑል ጥበብ ናይ ምዝራብን ሓሳብካ ናይ ምግላጽን ክእለት ዘሎዎ ሰብ ብርክት ዘበለ ጽልዋ ከሕድር ዋላ ንርኣዮ፡ "እዋይ ክዛረብ! ለፍላፊ፡" እምበር "ንፋዕ ተዛራባይ እዩ፡" ኢልና ብእወታ



ኣይንገልጽን ኢና።

**ዘረባ ኣገዳሲ ጥበብ እንክነሱ ንምንታይ ዘይቅቡል ኮይኑ፧**

ዘረባ ሓደ ክፋል ናይ ምብህሃል እዩ። ኣብ ግዜ ምብህሃል ብዘይካ ብዘረባ ብኽብን ለጠቕን ድምጺ፡ ምንቅስቓስን ኣቃውማን ኣካላት፡ ወዘተ፡ ኣቢልና ሓበሬታ ንለዋወጥ ኢና። ዘረባና ቅቡል ክኸውን ከኣ ውህደት ናይዚ ዝተፈላለየ ኣገባብ ምብህሃል የድሊ። ብቓልና ሓደ ነገር፡ ብምንቅስቓስ ኣካላትና ከኣ ካልእ ነገር ምስ እነንጸባርቕ ክንእምነሉ ዘሎና ተኽእሎ ትሑት እዩ። ዘረባ ክንድ'ቲ ዘሎዎ ጥቕሚ ምንጪ ምትላልን ዕግርግርን ካብ ዝኸውን ነዊሕ ኣቕጺሩ ይርከብ። ብመገዲ ዘረባ ንሕሱ፡ ፈላሊና ሓበሬታ ብምሃብ ግጉይ ምስሊ ንህብ፡ ንዘይምልክቶ ኣካል ብምዝራብ ውሕስነት ሓበሬታ ኣብ ምልክት ሕቶ ነእቱ፡ ወዘተ። በዚ ምኽንያት፡ ሕብረተሰብና ካብ ንዘረባ ንግብሪ ክኣምን ይመርጽ። ብተወሳኺ፡ ብዝሒ ዘረባ ንብዙሕ ጌጋን ምኽሻሕ ምስጢርን ስለ ዘቃልዕ ኣይመርጾን።

**ንምንታይ ደኣ ገለ ሰባት ብዙሕ ዝዛረቡ፧**

ብዙሕ ምዝራብ ፈቲኻ ትገብሮ ጸሊእካ እትገድፎ ባህሪ ኣይኮነን። ብዙሕ ንዛረብ ምህላውና፡ ዘረባና ፍረ ከም ዘይብሉ፡ ንዛረቦ ዘሎና ሰብ ብግቡእ ይርድኣና ከም ዘየለ፡ ዘረባና ኣሰልካዩ ምዃኑ... ብዝተፈላለ መገዲ ይሕበረና እዩ። እኹል ንብሰ ግንዛበ፡ ንብሰ ክብርን ናይ ምብህሃል ክእለትን ምስ ዘይህልወና ግን ንዘወሃበና ምልክታት ዘይክንርእዮ ንኽእል ኢና። ዘረባ ምስ እነብዝሕ ንብስና ይነግረና እዩ፣ መዛርብትና'ውን ናይ ምዕጥጣይ ምልክታት ይህቡና እዮም። ነዚ ምልክታት ኣለሊና ከነቋርጽ'ውን ኣይምጸላእናን። ይኹን እምበር ዘዛርበና ዘሎ ምኽንያት ኪንዮ ቊጽጽርና ምስ ዝኸውን ንብስና ገቲእና ዘረባ ከነቋርጽ ኣይንኽእልናን።

ኣብ መስርሕ ምብህሃል 'ዝዛረቦ ዘለኹ ሰብ ኣይርዳኣንን እዩ ዘሎ፡' ኢልና ምስ እንሓስብ፡ ሓሳብና ዝያዳ ንምንጻር ዘረባ ነብዝሕ። ኣብ እንፈትዎ፡ ዝተዓወትናሉ፡ ዘኹርዓና፡ ወዘተ ነገራት ከይተረድኣና ብዙሕ ንዛረብ ኢና። ከምዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ተርእዮታት ንቡር እዩ። ዘይንቡር መጠን ዘረባ ዝበሃል፡ ሰባት ብዛዕባ ስምዒታውን ኣካላውን መጉዳእቶም ብዘይ ምቊራጽ ክዛረቡ እንከለው፡ ንሳቶም ጥራይ ብዘረባ ምስ ዝዕብልሉ፡ ንምስማዕ ይኹን ደው ንምባል ዓቕሊ ምስ ዘይህልዎም፡ ግብረ መልሲ ናይ መተዓልልቶም ከየስተብሃሉ ጥራይ ዘረባኦም ምስ ዝቕጽሉን ካልእን'ዩ።

ብብዝሒ ምዝራብ ናይ ባህሪ ጸገም ጥራይ ኣይኮነን፣ መበገሲኡ ናይ ኣእምሮ ጸቕጢ ወይ ብድሆ ምዃኑ ተመራመርቲ ይሕብሩ። ሰባት ኣብ ጽንኩር ኩነታታት ማለት ኣብ ፍርሒ፡ ወጥሪ፡ ማሕበራዊ ተነጽሎን ካልእን ኩነታት ምስ ዝህልዉ ብዙሕ ክዛረቡ ልዑል ተኽእሎ ኣሎ። ኣብ ከባቢና ምስ እነስተብህል'ውን እቲ ብውሽጡ ርቡሽ ካብቲ ህድእ ዝበለ ሰብ ንላዕሊ እዩ ዘረባ ዘብዝሕ። እቲ ምኽንያት፡ ምዝራብ፡ ግዝያዊ ጭንቀትካ ወይ ቃንዛኻ ናይ ምፍኳስ ባህሪ ስለ ዘሎዎ። ንሕና'ውን ብልምዲ ስቕ ንዝብልን ጸገሙ ኣብ ውሽጡ ንዝዓቑር ሰብ "ተዛረብ፡ ክፈኾሰካ፡" ብምባል ነማኽር ኢና። ስለዚ፡ ብብዝሒ ዝዛረብ ሰብ ምስ እንረክብ ኣእምሮኣዊ፡ ባህርያዊ ወይ ማሕበረ ቊጠባዊ ብድሆ ዘሎዎ ክኸውን ስለ ዝኽእል እንተ ክኢልና ክንሕግዞ፡ እንተ ዘይክኢልና ከኣ ክንርድኣሉ ኣገዳሲ እዩ። ብብዝሒ ዝዛረቡ ሰባት ናብቲ ናታቶም ኩነት ኣእምሮ ናይ ምስሓብ ፍሉይ ክእለት ስለ ዘሎውም ግን ሰላምና ከይዘርግዎ ልዑል ጥንቃቐ የድልየና።

## ብላዕ ከይበሉኻ ጽብሑለይ

ምስ ምዕባለን ተክኖሎጅን እንዛረቦ መጠን እናነከየ ይኸይድ ከም ዘሎ መጽናዕትታት ይሕብር። ኣብዚ ግዜ'ዚ ደዊልና ካብ ክንዛረብ ብጽሑፍ መልእኽቲ ክንሰድድ እንመርጽ መንእሰያት ውሑዳት ኣይኮናን። ኢንተርነት፡ ብኣካል ዝግበር ዝነበረ ርክባት ብማሕበራዊ መራኸቢታት ከም ዝትካእ ገይሩ ይርከብ። ብተወሳኺ፡ ብሰንኪ ሓጸር ቪድዮታትን ቲክቶክን፡ ነዊሕ ዘረባ ብዓቕሊ ክንሰምዓሉ ዝኽእል ብቕዓት ተዳኺሙ ኣሎ። ብኣንጻሩ፡ ኣብ ዝኾነ ዝተገብረን ዝተዘርበን ነገር ርእይቶ ምሃብ ልሙድ ተርእዮ ኮይኑ ይርከብ። ርእይቶ ምሃብ ዝጽላኣ'ኳ እንተ ዘይኮነ፡ ከይተሓተትካ፡ ኣፍልጦ ኣብ ዘይብልካ፡ ኣብ ዘይምልከተካ... ርእይቶ ምሃብ ግን ንኣገዳስነትን ትርጉምን ርእይቶ ኣትሒትዎ ይርከብ። ኣረእያናን ኣጠቓቕማ ርእይቶን ብኣሉታ ካብ ዝጸለወ ሓደ ረቛሒ ከኣ ማሕበራዊ መራኸቢታትን እዩ።

ማሕበራዊ መራኸቢታት ካብ ዝፍጠር ኣትሒዙ ብኣሽሓት ዝቕጸሩ ናይ ዝርርብን ምብህሃልን ባይታ ተፈጢሮም እዮም። ይኹን እምበር ካብ ብዝሖም ዝተላዕለ፡ ኣእምሮና ክጸሮ ብዘይክእል ሓበሬታን ርእይቶም ከም ዝዘቕብብ ገይሩ እዩ። ኣብ ኣገደስቲ ጉዳያት ጥራይ ዝግባረ ዝነበር ዝርርብን ምብህሃልን፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ቊምነገር ዘይብሉ ጉዳያት ሰባት ክዛረቡ ግዜኦም የጥፍኡ ኣለዉ። ናይ ዝርርብን ምብህሃልን ባይታ፡ ብምንጽር ኣገዳስነቱ ተራእዩ ብዕቱብ ኣገባብ ዘውደብን ዝትግበረን ዝነበር፡ ሕጂ ኣብ ዝኾነ ኲርናዕ ናይ ገዛ ኴንካ ዝደለኻዮ ክትብልን ሚልዮታት ክተስምዕን ዝከኣል ኮይኑ ይርከብ። እዚ ነቲ ብውሱናት 'ሰብ ኣጀንዳ' ተሓዚሉ ዝነበረ ናይ ሓሳብካን ርእይቶኻን ምግላጽ ዕድል ከመቻራሕ ይሓግዝ፡ ብሰሪ ግቡእ መረዳእታን ዕቱብነት ተጠቀምቲ ግን ክብሪ ዝርርብን ምብህሃልን ባይታ ዘቢጡ ይርከብ።

ማሕበራዊ መራኸቢታት ወልፊ ናይ ምርኣይ፡ ምስማዕን ምዝራብ ከተሕድር ብዕላማ ካብ ዝሰርሓሉ መትከላት እዩ። ዝያዳ ዝተጸመድና ዝያዳ መኽሰብ ዝሓፍሱ ኣካላት ስለዘለዉ ብዛዕባ ጥዕና ኣእምሮና፡ ስነ ምግባር፡ ባህሊ፡ ኣፍራይነት፡ ... ምሕሳብ ገዲፎም ብኸመይ ወልፊ ነዕቢ እዮም ዘጽንዑ። ኣብ ዝኾነ ነገር ወልፊ ከነዕቢ ካብ ዝጸሉ ረቛሒ ኣብ ሓንጎል ሰብ ዝርከብ 'ዶፖሚን' ዝበሃል ቀመም ኣሎ። እዚ ቀመም'ዚ ብዛዕባ ሓጉስን ፍትወትን እምበር ብዛዕባ ኣፍራይነት፡ ዕቤት ወይ ጥዕና ኣየገድሶን። ዘሕጉሰና ነገር፡ ይሕመቕ ይጸብቕ ክንገብር ይደፋፍእ። ዓበይቲ ኣውፈርቲ ነዚ ሓበሬታ ብመጽናዕቲ ስለ ዘበጽሕዎ ነዚ ዶፖሚን ዘቕስቅስ ነገራት ኣብ ውሽጢ'ቲ ዲዛይን ናይ ዝፈጥርዎ መሳርሒታት ሰኹዖም የዋድዱልና። ንኣብነት፥ ዝኾነ ሰብ ተፈታዊ፡ ቅቡልን ምስጉንን ክኸውን ይደሊ እዩ። ምስ ዝፍቶ ወይ ቅቡል ዝኸውን፡ ባህ ይብሎ እሞ ዶፖሚን ይነዝዕ። ነዚ ብምስትብሃል ዓበይቲ ትካላት ማሕበራዊ መራኸቢታት ከም ብዓል ፈይስቡክ፡ ቅቡል ዘይቅቡልን (accept; ignore or block)፡ ፍቱውን ዘይፍቱውን (like or dislike) ከምኡ'ውን ካልእ ስምዒትካ ትገጽሉ ኣገባባት (emoji or feedback) ከም መዐቀኒ ብምውዳድ ክንዋሳእ ይደፋፍኣ። ጉድኒ ጉድኑ ከኣ ኣብዚ ጸወታ ንዘይተጻወተ ሰብ ከም ዘይምዕቡልን ዓቃባውን ክቕጽር፡ ንብሰ ምትሓት ክስምዖን ክንጸልን ይጉስጉሳን ይሰርሓሉን። ስለዚ'ዩ ከኣ "ንምንታይ ርእይቶ ሂብካ፧" "ይምልከተካ ድዩ ኮይኑ፧" "ኣፍልጦ ኣሎካ ድዩ፧" "እንታይከ ትኸስብ፧" ኢልካ ዝሓተትካዮ ሰብ ብምልኣት ክምልሰልካ ዘይክእል።

## ወልፊ ዘረባ ዘለዎ ሰብ ኣለዉ፧

ብሰንኪ ማሕበራዊ መራኸቢታትን ሚድያን ናብ ብዙሕ ዘረባን ተዛራቢትን ተቓሊዕናሉ ኣብ ዘሎናሉ እዋን፡ ብዙሓት ሰባት ብወልፊ ዘረባ ተጠቒዖም ይርከቡ። ንሕና'ውን ነብስና እንተ ፈተሽና ኣይጽላእን። ወልፊ ናይ ዘረባ ምስ ባህሊ ሕብረተሰብ ኣብ ግምት ብእታው ክግለጽ ከም ዘለዎ ተመራመርቲ ስነ ቋንቋ ይግልጹ። ንኣብነት፥ ምዕራባዊ ባህሊ፡ ብዙሕን ቀልጡፍን ዘረባ ዝተዛረበ ሰብ፡ በሊሕ፡ ተኣማኒ፡ ጸላውን ንመሪሕነት ዝኸውን ብቕዓት ዘሎዎን ብምባል ይኣምነሉ። ብኣንጻሩ፡ ኣብ ምብራቓዊ ባህሊ (ኣብ ሕብረተሰብና'ውን ብተመሳሳሊ) ውሑድ ዝተዛረበ ሰብ በልሒ፡ ናይ ምስትውዓልን ምግንዛብን ክእለት ኣለዎ ተባሂሉ ይእመን። ስለዚ፡ ኣብ ኣብ ምዕራባዊ ባህሊ ወይ ነቲ ባህሊ ክርዕምዎ ዝደልዩ ካልኦት ህዝብታት፡ ወልፊ ዘረባ ዋላ ይሃልዎም ከም ሕማም ኣይሓስብዎን።

ብዙሕ ዝዛረቡ ሰባት ሽሕ'ኳ ኣሰልከይትን ኣጨንቐትን ይኹኑ፡ ንነብሶ ከም ክኢላታት ተዛረብቲ'ዮም ዝሓስብዋ። ካብ ምሒር ምዝራብ፡ ክበሃል ዝግብኦ ስለ ዘውደኦም ናብ ቀንጠ መንጥን ተኣፋፍን ኣርስታት ብምስጋር ኣደዳ ግርጭትን ተነጽሎን ክኾኑ ብዙሕ ግዜ ኣይወስደሎምን። ምስ ምንባብ፡ ምስማዕን ምጽሓፍን ኣወዳዲርካ፡ ምዝራብ፡ ኣብ ውልቃዊ ዕቤት ሰብ ዝወሓደ ኣበርክቶ እዩ ዘሎዎ። ሞያና ምስ ዘረባ ዝተሓሓዝ ምስ ዝኸውን፡ ናይ ዘረባ ክእለት ሞያዊ ኣበርክቶ ይህልዎ እዩ። ሓሳብካ ብግቡእ ክትገልጽ ናይ ምኽኣል ክእለት ኣገዳሲ እዩ። ይኹን እምበር ፍልጠት፡ ልቦናን ተመኩሮን ክንድልብ ኣብ እንደልየሉ ግዜ ብዙሕ ምዝራብ ዓንቃጺ ተራ እዩ ዘሎዎ። 'ወልፊ ናይ ዘረባ ዘሎዎም ሰባት ልቦና ይጎድሎም እዩ፡' ንምባል ዘይኮነ፡ ወልፊ ዘረባ ብኣድህቦ ምስማዕን ምሕሳብን ዝድርት ስለዝኾነ ኣሉታዊ ጽልዋ ከሕድር ስለዝኽእል እዩ። ብዙሕ ምዝራብ፡ ማሕበራዊ ተቐባልነት ስለ ዘይብሉ፡ ወልፊ ናይ ዘረባ ዘሎዎ ሰብ ማሕበራዊ ተነጽሎ የጋጥሞ። ካብ ምሒር ምዝራብ ንዝገብሮ ጌጋ ብርቱዕ ተቓውሞን ነቐፌታትን ክጻወርን ክቕበሎን ካብ ዘይምኽኣል ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ ክገብረሉ ይኽእል። እዚ ማሕበራዊ ተነጽሎ'ዚ ዘበገሶ ከኣ ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ ከጓንፎን ይኽእል።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኢራን፡ ሕጊ ዝጠሓሳ 7 መራኽብ ከም ዘጥቅዐት ኣፍሊጣ

ሓይሊ ባሕሪ እስላማዊ ሓለዋ ሰውራ ኢራን፡ ትማሊ ሓሙስ ኑቲ ብመጸብቦ ሆርሙዝ ንዝንቀሳቐሳ መራኽብ ዝተወሰነ ሕጊ ጥሒሰን ክሓልፋ ኣብ ልዕሊ ዝፈተና ኣርባዕተ መራኽብ መጥቃዕቲ ከም ዝኻየደ ኣፍሊጡ።

እቲ ሓይሊ ባሕሪ ወሲኹ፡ ናብ ትማሊ ሓሙስ ኣብ ዘውግሐ ሰዓታት እውን፡ ሰለስተ መራኽብ ቡቲ ኣብ ማያት መጸብቦ ሆርሙዝ ተጻዊዱ ዝርከብ ኑተጉቲ ከም ዝተሃርማ ገሊጹ።

እተን መጥቃዕቲ ዝተኻየደለን ኣርባዕተ መራኽብ፡ ክሕለፍ ብዘይግባእ መስመር ናይቲ መጸብቦ ብምጉዓዝ፡ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ነዳዲ ክካይዳ ከም እተረኽባ፡ እስላማዊ ሓለዋ ሰውራ ኢራን ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ ሓቢሩ።

ኣመሪካ፡ መራኽብ ቡቲ ኑተጉቲ ዝተጻወደን ዘይሕጋውን መስመር መጸብቦ ሆርሙዝ ንኽሓልፋ እትጉብሮ ዘላ ምትብባዕ፡ ኑቲ ኣብቲ ማያዊ መስመር ዘጋጥም ሓደጋታት መሊሱ የብእሶ ከም ዘሎ ድማ ወሲኹ ኣገንዚቡ።

መጸብቦ ሆርሙዝ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ከም ዝርከብ ዝገለጸት ኢራን፡ ኣመሪካ ኑቲ ምትብባዕ እንተ ቀጺላቶ ግን፡ እቲ ግጭት ናብቲ ኣብቲ ዞባ ዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከራት ናይታ ሃገር ክልሕም ከም ዝኽእል ኣጠንቂቓ።



ኣመሪካን እስራኤልን ዝሓለፈ 28 ለካቲት ኣብ ልዕሊ ኢራን ልፍንታዊ መጥቃዕቲ ድሕሪ ምጅማረን፡ እስላማዊ ሓለዋ ሰውራ ኢራን ኑቲ ብመጸብቦ ሆርሙዝ ዝካየድ ዝነበረ ምንቅስቓስ መራኽብ ደው ከም ዘበሎ ኣይርሳዕን።

## ሑቲ፡ ንመዓርፎ ነፈርቲ ስዑዲ ዓረብ ይድብድብ

ንሰፊሕ ክፋል የመን ተቖጻጺሩ ዝርከብ ዕጡቕ ጉጅለ ሑቲ፡ ኣብ ከተማ ደማም - ስዑዲ ዓረብ ኣብ ዝርከብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ንጉስ ፋህድ ብዝኻየዶ መጥቃዕቲ፡ ክልተ ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ ካልኦት ሸሞንተ ሰባት ከኣ ከም ዝቖሰሉ፡ ቤት ጽሕፈት ሲቪላዊ በረራ ስዑዲ ዓረብ ትማሊ ሓሙስ ሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሓይሊ ኣየር ስዑዲ ዓረብ፡ ንመኽዘን ነዳዲ ኩባንያ 'ኣራምኮ' ዒላማ ዝገበረት ሓንቲ ሱብ ኣልቦ ነፋሪት ኣብ ዘበርዓሉ ህሞት ክልተ ሰባት ከም እተቐትሉ፡ ሚኒስትሪ ጸዓት ናይታ ሃገር ገሊጹ።

ዝሓለፈ ሰሙን፡ ሑቲ ኣብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ንጉስ ካሊድ ብዝኻየዶ ተመሳሳሊ መጥቃዕቲ፡ 13 ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ ካልኦት ልዕሊ 300 ሰባት ከኣ ምቝሳሎም ይዝከር።

እቲ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት ካብ ዝተራእዩ መጥቃዕትታት እቲ ዝኸፍአ ኮይኑ ተመዝጊቡ ኣሎ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ብሰንኪ'ቲ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ተፈጢሩ ዘሎ ጸጥታዊ ስግኣታት፡ ኣመሪካ ኣብታ ሃገር ዝርከቡ ዜጋታታ ክወጹ ጸዊዓ ኣላ።



## ኣመሪካ፡ ዜጋታታ ካብ ስዑዲ ዓረብ ክወጹ ጸዊዓ

ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ፡ ብጉዳይ ስራሕ ናብ ስዑዲ ዓረብ ዝገሹ ዜጋታት ሃገሩ ምስ ስድራቤቶም ካብታ ሃገር ክወጹ ጸዊዑ።

እቲ ክፍሊ ኣብ ዘዘርገሖ ሓበሬታ፡ እቲ ጸውዒት፡ ብሰንኪ እቲ ናይ የመን ዕጡቕ ጉጅለ ሑቲ ኣብ ሲቪላዊ ዘላ ዘመልከት ሓበሬታ፡ "ዘይቅኑዕ" ክትብል ነጺጋቶ ኣላ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣርባዕተ ላዕለዎት ሰብ ስልጣን ኣመሪካ ንኣገልግሎት ዜና 'ሮይተርስ' ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ኣመሪካ ኣብ ሃገራት ወሽመጥ ዓረብ ዝርከቡ ዜጋታታ




ትሕተ ቅርጽታት ስዑዲ ዓረብ ዝካይዶ ዘሎ ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት ዝሰዓብ ምኳኑ ኣነጺሩ።

እንተኾነ፡ ኣመሪካ፡ ኣቐዲሙ ብዝተፈላለያ ማዕከናት ዜና ንዝተዋህበ፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ኣብ ዝርከብ ኤምባሲታታ ዝሰርሑ ዜጋታታን ስድራ ቤቶምን ክተውጽእ መደብ ከም ንኽምለሱ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ጻውዒት ከተመሓላልፍ ምኳና ገሊጾም።

ድሕሪ ምጅማር ኲናት ኢራን፡ ኣመሪካ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ንዝርከቡ ዲፕሎማሰኛታታ ስሒባቶም'ኳ እንተ ነበረት፡ ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ ግና ናብቲ ዞባ ከም ዝመለሰቶም እዮም ምንጭታት ዝሕብሩ።

## ኒጀር - ዕጡቓት ኣብ ኣውቶቡሳት መጥቃዕቲ ይፍጽሙ

ኣብ ዞባ ኣጋደዝ - ሰሜናዊ ክፋል ኒጀር፡ ዕጡቓት ኣብ ልዕሊ ክልተ ናይ ህዝቢ ኣውቶቡሳት ብዝኸፈትዎ መጥቃዕቲ፡ ቆልዑን ደቂ ኣንስትዮን ዝርከብዎም 12 ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት 10 ሰባት ከኣ ከም ዝቖሰሉ፡ ሰብ ስልጣን ናይቲ ዞባ ሓቢሮም።

ብመሰረት እቶም ሰብ ስልጣን፡ መንነቶም ዘይተለለዩ ዕጡቓት፡ ኑተን ብርክት ዝበሉ ሰባት ኣሳፊረን ዝጉዓዛ ዝነበራ ክልተ ኣውቶቡሳት፡ ካብ ቀንዲ መስመረን 35 ኪሎሜተር ብምእላይ እዮም ኣብ ልዕሊኣን መጥቃዕቲ ከፊቶም።

እቶም ሰብ ስልጣን፡ ጠንቂ ናይቲ ኣብ'ቶም ሰላማውያን ሰባት ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ብንጹር'ኳ እንተ ዘይፈለጥዎ፡ ምስቲ ኣብ ሓንቲ ካብ'ተን ኣውቶቡሳት ዝተጻዕነ ወርቂ ምትሕሓዝ ክህሉዎ ከም ዝኽእል ግን ኣሚቶም ኣለዉ።

ኣብታ ኣብ ማእከላይ ዞባ ሳሕል እትርከብ ኣፍሪቃዊት ሃገር፡ ብዕጡቓት ጉጅለታት ዝፍጸም መጥቃዕትታት ልሙድ ተርእዮ ኮይኑ፡ ኣብ 2025 ጥራይ ዝበዝሑ ሰላማውያን ዝርከብዎም ክባቢ 2 ሽሕ ሰባት ምቕታሎም ጸብጻባት የመልክቱ።



## ጋና፡ ሰደድ ዘይተመስርሐ ማዕድናት ደው ከተብሎ ወሲና

ጋና፡ ዘቤታዊ ፍርያት ንምዕባይ ብዝብል ምኽንያት፡ ሰደድ ዘይተመስርሐ ማዕድናት ኣብ ውሽጢ እዘን ዝስዕባ ኣርባዕተ ዓመታት ደው ከተብሎ ምኳና ኣፍሊጣ።

እቲ ሰደድ ደው ናይ ምባል መደብ፡ ኢንዱስትርያዊ ፍርያት ናይታ ሃገር ንምዕባይ ሓጋዚ ከም ዝኾነ፡ ፕረዚደንት ናይታ ሃገር ጆን ድራማኒ ማሃማ ገሊጹ።




ሰደድ ዘይተመስርሐ ሓጺን፡ ሊትዩም፡ ቦክሳይትን ማንጋኒዝን፡ ካብ'ቶም ክኽልከሉ ብቐዳምነት ተሰሪዖም ዘለዉ ማዕድናት ምኳኖም ድማ ተፈሊጡ'ሎ።

ከም ኣካል ናይ'ቲ ውጥን፡ ሃገሩ ንምምስራሕ ማዕድናት ዝኸውን ባይታ ንምጥጣሕ፡ ኣብ ትሕተ ቅርጺ፡ ቴክኖሎጂን ዓቕሚ ሱብን ወፍሪ ከም እትገብር ድማ፡ እቲ ፕረዚደንት ወሲኹ ሓቢሩ።

እቲ መደብ፡ ኣብ ምምዕባል ቁጠባ ጋና እወታዊ ተራ ከም ዝህልዎ፡ ሱብ መዚ ቁጠባ ናይ'ታ ሃገር ኣሚቶም ኣለዉ።

ጋና፡ ብፍርያት ወርቂ ኣብ ኣፍሪቃ ኣብ ቀዳማይ፡ ኣብ ዓለም ድማ ኣብ ሻድሻይ ደረጃ ከም እትስራዕ ይንገረላ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቑ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሺያ ጅዳ | 23/10/2026 | ጎደና ሲጋሌት ቀጣን ቁ.6 :(ሺያ ጅዳ) | 07138002 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቑ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services